# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.156 | ቀዳም 1 መጋቢት 2025 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3

3 ስጉምታት ኣብ ጕዕዞ ትምህርትኻ

ገጽ 5
ዝኽሪ መግዛእታዊ ግፍዒ . . .


ገጽ 9
ሲ.ኤፍ.ኣይ. (CFA) ፍራንክ



ገጽ 11
ሂናክ ሓምሻይ ኣትዩ



# ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ንኮሚሽነር ፖለቲካዊ ጉዳያት ሕብረት ኣፍሪቃ ኣዘራሪቡ

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ብ 27 ለካቲት፡ ንኮሚሽነር ፖለቲካዊ ጉዳያት፡ ሰላምን ጸጥታን ሕብረት ኣፍሪቃ - ባንኮለ ኣደኦዩ፡ ኣብ ኣዳራሽ ደንደን ተቐቢሉ ኣዘራሪቡ።

ኮሚሽነር ባንኮሌ ብዛዕባ ሰላምን ጸጥታን ኣፍሪቃ ብፍላይ ድማ ዞባዊ ምዕባለታት ቀርኒ ኣፍሪቃ ንምዝርራብ'ዩ ኣስመራ ኣትዩ።

ኣብ'ቲ ንክልተ ሰዓታት ዝቐጸለ ርክብ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ኣፍሪቃ ከም ምስሊ ኩናት ሓድሕድ ገይርካ ንምቕባእን ግርጭታት ንምምሕዳርን ዝተፈላለየ ሓይልታት ኣብዛ ኣህጉር ገደቡ ዝሓለፈ ምትእትታው ከምዘካየዱ፣ ሕብረት ኣፍሪቃ ድማ ነዚ ንምእራም ዝወሰዶ ዝጥቀስ ስጉምቲ ዛጊት ከምዘየለ ብምግላጽ፣ እቲ ቀንዲ ክኸውን ዘለዎ ምምሕዳር ኩናትን ግርጭታትን ዘይኮነስ፡ ቅድሚ ምምጻኦም ንምክልኻሉ ምስራሕ ከምዘኸትል ኣረዲኡ።

ሕብረት ኣፍሪቃ ብሽነኺ ድኹም መዋቕራዊ ቅርጹን ግዳማዊ ምትእትታዋትን፡ ትጽቢትን ሃንቀውታን ኣፍሪቃውያን ክማልእ ኣብ ዘይክእለሉ ደረጃ ወሪዱ ከምዘሎ ዝጠቐሰ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ብሸነኺ'ዚ ድማ፡ ግዳማውያን ሃገራት ረቡሓታተን ንምስጓር ሕዚኖኦ ንዝመጻ ሓሳባት ኣጀንዳታት "ኢየፋል" ክብለሉ ኣብ ዘይክእል ደረጃ ከምዝበጽሖ ብዝርዝር ገሊጹ።

ኤርትራ፡ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ተፋሰስ ኒል፡ ቀይሕ ባሕርን ሃገራት ወሽመጥ ከሊጅን ንዝሓቑፍ ከባቢ ቀዳምነት ሰሪዓ እትዋስኣሉ ጎደቦ ከምዝኾነ፡ ዘውጠን ልምዓታዊ መደባት ድማ ንውሕስነት ሰላምን ጸጥታን ናይ'ዚ ጎደቦ ኣብ ግምት ዘእተወ ከምዝኾነ ዝጠቐሰ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ጉዳይ ሱዳን ንምፍታሕ - ኤርትራ ብፍላይ ሱዳናውያን ወገናት ኣጀንዳታቶም ክኸውን ዘለዎ ጽንዓ መርገጺ ከምዘለዋ፣ እንተኾነ እዚ ዞባ ንኸይቀስን ናይ ደገ ሓይልታት ነቲ ጉዳይ መመሊሰን ይሕላልኻኦ ከምዘለዋ ኣብሪሁ።

ንጉዳይ ሶማል ብዝምልከት ድማ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ኤርትራ ሓያል ሶማል ኣብ'ዚ ዞባ ክትህሉን ግቡእ ቦታኣ ክትሕዝን ከምእትደሊ፣ ነዚ ድማ ብዋዕባሪ ከምእትሰርሓሉ ብምሕባር፡ ሶማል ሃገራዊ ሰራዊት ክህልዋን ሃገራዊ ትካላት ክትሃንጽን ምቕሉል ተራ ትጻወት ከምዘላ ኣገንዚቡ።


ስኣሊ. ኣክሊሉ ዘርኣዚጊ.

ኮሚሽነር ፖለቲካዊ ጉዳያት፡ ሰላምን ጸጥታን ሕብረት ኣፍሪቃ ባንኮለ ኣደኦየ ንኤርትና ኣብ ዝሎ ሓብሬታ፡ ምስ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣብ ዘካየድዎ ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ብሓፈሻ ኣብ ጉዳይ ሶማልን ሱዳንን ድማ ብፍላይ ዘተኩረ ሰፊሕ ዝርርብ፡ ዓሚቝ መረዳእታ ከምዝረኸቡ ሓቢሩ።


ኣብ'ቲ ርክብ፡ ብወገን ኤርትራ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ ተረኺቦም ነይሮም።

# ዝኽሪ 50 ዓመት ህልቂት ኣስመራን ከባቢኣን፡ ሃገራዊ ስምዒት ዘዕረገ ምንባሩ ተገሊጹ

ኣብ ዞባ ማእከል - ብምኽንያት ዝኽሪ 50 ዓመት ህልቂት ኣስመራን ከባቢኣን ዝተኻየደ ንጥፈታት፡ ንኤርትራዊ ሃገራዊ ስምዒት ዘዕረገ ታሪኻዊ ፍጻመ ምንባሩ፡ ብ27 ለካቲት ኣብ ዝተኻየደ ገምጋም ተገሊጹ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ኣቶ ተኪኤ ቀለታ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ዕላማ ናይ'ቲ ምስ ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ብምትሕብባር ዝተኻየደ ናይ ዝኽሪ መደብ፡ ብፍላይ ስለ ናጽነት ዝተኸፍለ ክቡር ዋጋን መስዋእትን ንምስትንታን፡ ከምኡ'ውን ገበናት ስርዓታት ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ንጹህ ህዝብና ዝፈጸምዎ ጃምላዊ ህልቂት ወለዶታት ከምዝፈልጥዎ ንምግባር ከምዝኾነ ብምብራህ፡ ዕወት ስራሕ ከምዝተዓመ ሓቢሩ።

ኣቶ ተኪኤ ኣስፍሃ፡ ምምሕዳር ዞባ ማእከል፡ 15 ለካቲት ዓመት-መጸ መዓልቲ ዝኽሪ ግፍዕን ህልቂትን ኣስመራን ከባቢኣን ኰይና ክትዝከር ከምዘለዋ ብምግላጽ፡ ዝኽሪ ብቐጻሊ ዝሕደስን ናብ ወለዶታት ዝሰጋገርን ንምግባሩ ብመጽናዕቲ ዝተሰነየ ኣሰራርሓ ክትኣታቶ ዝበልን ካልእን ለበዋታት ኣቕሪቡ።



ኣቕሪቡ።

ኣብ'ቲ ዕለት፡ ብደረጃ ትካላት ውልቀን ኣበርኪቶ ንዝሃቡ ናይ ምስጋና ወረቐት ምስክር ተዓዲሉ።

ኣቶ ናይ ዝኽሪ መደብ ክውን ንምግባር ዝጠፍአ ኮሚቲታት ብወገኑ ኣቶ መደብ ንምዕዋት ንዝተኻየደ ምምሕዳራዊ፡ ባህላውን ስነጥበባውን መሰናድኣታት፣ ስእላዊ ምርኢት፣ ሰልፊ ህዝቢ፣ ማሕበር ወገናት ታኽሲን ተመሃሮን፣ ዜናዊ ሽፋንን ካልእን ዝምልከት ጸብጻብ ብዝርዝር ኣቕሪቦም።


ስኣሊ. ሮቤል መረስዕ

ኣመሓዳሪ ዞባ ማእከል ኣቶ ፍስሃየ ሃይሉ፡ ኣቲ መደብ ክውን ንምግባር ንዝጸዓሩ ድሕሪ ምምስጋን፡ ብምኽንያት ዝኽሪ 50 ዓመት ህልቂት ኣስመራን ከባቢኣን ዝተኻየደ መሰናድኣታት፡ ኣገዳስነቱ ልዑል ስለዝኾነ ዓመት መጸ ብዝሰፍሐ መልክዑ ክቕጸል ኣዘኻኺሩ።

## ሓበሬታ

ምስራቕ ሂላል ወርሒ ሮሞዳን ትማሊ ምሸት ስለዝተረጋገጸ፡ ሎሚ ቀዳም 1 መጋቢት 2025 ፈላሚት ዕለት ወርሒ ሮሞዳን 1446 ሂጅሪያ ምዃና ንሕብር።

በት-ጽሕፈት ኢፍታእን እስላማዊ ጉዳያትን

ዜና

# ዓዲተከሌዛን - ብኣሰራርሓ መኣዛዊ መግቢ ህጻናት ዝሰልጠና ተመረቓን

ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲተከሌዛን ብምውህሃድ ሃገራዊ ማሕበር ደቂኣንስትዮ ኤርትራን ሚኒስትሪታት ሕርሻን ጥዕናን ብኣሰራርሓ መኣዛዊ መግቢ ህጻናት ዝሰልጠና 42 ደቂኣንስትዮ ተመረቓ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ዓዲተከሌዛን ሌተናል ኮሎኔል የማን መብራህቱ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ጥዕና ሕብረተሰብ ብሓፈሻ ናይ ህጻናት ከኣ ብፍላይ ንምውሓስ፡ መኣዛዊ መግቢ ኣገዳሲ ምዃኑ ብምግላጽ፡ እተን ሰልጠንቲ ክድፋኣላ ከምዘሎወን ኣገንዚቡ።

ሓላፊት ሃማደኤ ወ/ሮ ኹት ጉብረወልዲ ብወገና፡ ጥዕንኡ ዝተሓለወ ሕብረተሰብ ኣብ ውሑስ ጥዕና ኣደን ዕሸልን ከምዝምርኮስ ብምጥቃስ፡ እተን ሰልጠንቲ ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ዓቢ ኣገዳስነት ከምዘለዎ ኣብሪሃ።

ኣቐዲሙ ኣብ ምምሕዳራት ከባቢ ጎላጉል፡ ደቂዛርኡ፡ ደቂጉብሩ፡ ዋሪ፡ ደቀምሓረን ዓዲተከሌዛንን ን210 ደቂኣንስትዮ ብዝበርን ክልሰሓሳቡን ዝተሰየ ተመሳሳሊ ስልጠና ከምእተዋህበ ጠቒሳ ድማ፡ ንኡሰን ኮይነን ንስበእን ከምህራን ከንቅሓን ትጽቢት ከምዝግበረለን ኣጸሪሩ።

ህጻናት ዝምግበዎ፡ ኣብ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ኩነታቶም ልዑል ጽልዋ ከምዘለዎ ዝሓበረት ሓላፊት ኣገልግሎት ጥዕና ወ/ሮ ልያ ኣልኣዛር ብወገኦ፡ ብቐረባን ብቐሊሉን ብዝርከቡ ጥረ-ነገራት ዝዳሎ ብትሕዝቶ ሃብታም መግቢ፡ ኣዴታት ብንቕሓት ክዘውትርኦ ተላቢዩ።



# መንደፈራ - ብቕድን ስፌትን ክዳን ዝሰልጠና ኣለይቲ ስድራ ተመረቓን

ኣብ ከተማ መንደፈራ፡ ብቕድን ስፌትን ክዳን ንሰለስተ ኣዋርሕ ዝሰልጠና 70 ደቂኣንስትዮ፡ ብ25 ለካቲት ተመረቓ።

ኣካያዲ ስራሕ ትካል ወተሃደራዊ ስፌት ክዳን ኮሎኔል ስራጅ መሓመድ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እተን ሰልጠንቲ፡ ንጸገማትን ኣለይቲ ስድራን ደቂኣንስትዮ ሞያ ብምቕሳም፡ ኣብ ስራሕ ተዋፊረን ምንጪ ቀዋሚ ኣታዊ ስድራ ንምውሓስ ዝዓለመ ከምዝኾነ ሓቢሩ።

እዚ ኣቐዲሙ'ውን ኣብ ባርንቱ ተዋሂቡ ዝነበረ ስልጠና፡ ኣካል ናይ'ቲ ኣፍራይነት ብምዕባይ መነባብሮ ዜጋታት ንምምሕያሽ ብደረጃ ሃገር ዝተታሕዘ መደብ ምዃኑ ጠቒሱ ድማ፡ ሰልጠንቲ ኣብ'ቲ ትካል ናይ ስራሕ ዕድል ተረሒዩለን ከምዘሎ ኣብሪሁ።

ኣብ'ቲ ትካል ሓላፊ ትምህርቲ ቅዲ ክዳን ሜጀር መሓመድ ዓብደልዋሃብ ብወገኑ፡ እተን ሰልጠንቲ፡ ሜላታትን ኣጠቓቕማን ሰፈይቲ ማሽናት፣ ንድፊ ቅድታት ክዳንን ኣሰፋፍዮኡን፣ ከምኡ'ውን ባህርያት ዝተፈላለዩ ኣጭርቕቲ ዘጠቓልለ ምንባሩ ብምጥቃስ፡ ምምሕዳር ዞባ ደቡብን ኣካላቱን ንዝገበርዎ ደገፍ ኣመስጊኑ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡብ ኣቶ ሃብተኣብ ተስፋጽዮን ሞያ ቅዲ ክዳን ብቐጻሊ ጻዕርን ተበላሓትነትን ዝምዕበል ስለዝኾነ፡ ሰልጠንቲ ቀሲመንኦ ዝለዋ ትምህርቲ ዓቕመን ክሰርሓሉን ክማዕብልኦን ተላብዩ።

ብኻልእ ወገን ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ምስ ካብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዝመጸ ክኢላ ቅዲ ኣልባሳት - መንእሰይ ዓወት ጎይትኦም ብምትሕብባር ዝወደቦ ስልጠና ቅዲ ክዳን፡ ብ27 ለካቲት ኣብ ኣስመራ ንኣባላት ሃገራዊ ማሕበር ዲዛይነራት ኤርትራ ሂቡ።

ኮሚሽነር ባህልን ስፖርትን ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ዲዛይነር ዓወት ፍልጠቱን ሞያኡን ናብ ዜጋታቱ ከመሓላልፍ ሓሊኑ ምምጽኡ ድሕሪ ምምስጋን፡ ተሳተፍቲ ኑቲ ዕድል ብዝበለጸ ከምዝጥቀሙሉ ዘለዎ ጽኑዕ እምነት ገሊጹ።

እቲ ስልጠና፡ ኣብ ኣገዳስነት ምህላው ንመንነትካ ዝገልጽ ሕላገት፣ ምጽናዕ ዕዳጋታትን ተወዳዳሪ ትንተናን፣ ምድላው ምርኢት ቅዲ ኣልባሳትን ኣገዳስነቱን፣ ንግዳዊ መዋቕርን ሕጋዊ ጉዳያትን፣ ምውሓስ መርበብ መሸጣን ምዝርጋሕን፣ ከምኡ'ውን ካልእ ዛዕባታት ዘጠቓለለ ነይሩ።

ዲዛይነር ዓወት ጎይትኦም ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ምስ ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ብምትሕብባር ፍርያቱ ንህዝቢ ንምልላይ፣ ተመክሮኡ ንዲዛይነራት ንምክፋል፣ ከምኡ'ውን ብዛዕባ ቅዲ ኣኸባብራ ከተማ ኣስመራ ሰነዳዊ ፊልም ንምድላው ከምዝመጸ ብምጥቃስ፡ ኤርትራውያን ዲዛይነራት ኣብ ስርሓቶም ንመንነትን ቅዲ ኣኸባብራን ሕብረተሰቦም ዘንጸባርቕ



ሕላገት ክጥቀሙ ኣተሓሳሰቡ።

ኣብ'ቲ ኢጋጣሚ፡ ዲዛይነር ዓወት ጎይትኦም፡ ካብ ፍርያቱ ንኮሚሽነር ባህልን ስፖርትን ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ ገጸ-በረኸት ኣበርኪቱ።

ዲዛይነር ዓወት ጎይትኦም ብ22 ለካቲት'ውን ኣብ ሆቴል ኣስመራ ፓላስ፡ ምስ ፍርያቱ ዝላሊ መደብ ኣካይዱ ነይሩ'ዩ።

'ዓወት ኒውዮርክ' ዝተሰምየ ናይ ባዕሉ ሕላገት ቅዲ ኣልባሳት ዘውንን ኣብ ከተማ ኒውዮርክ ዝመደበሩን ኤርትራዊ-ኣመሪካዊ ዓወት ጎይትኦም፡ ብደረጃ ዓለም ካብ ዝፍለጡ ክኢላታት ቅዲ-ኣልባሳት'ዩ።

# ሃይኮታ - ሓረስቶት ኣብ ልምዓት ፍረታት ክተኮሩ መዘኻኸሪ ቀረቡ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሃይኮታ ዝጥየሱ ኣልማዕቲ ጀራዲን ኣብ ኣሕምልቲ ጥራይ ከይተደረቱ ኣብ ልምዓት ፍረታት'ውን ክተኩሩ መተሓሳሰቢ ቀረበ።



ኣመሓዳሪ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ሽኽዲን ሳልሕ ብ23 ለካቲት ኣብ ኣለቡ ምስኦም ኣብ ዝገበሮ ርክብ፡ ጠለብ ናይ'ቲ ከባቢ ንምምላእ ኣልማዕቲ ንዘበርክቶ ዘለዉ ኣስተዋጽኦ ብምምጓስ፡ ሙብዛሕትኦም ኣብ ወቕታዊ ልምዓት ኣሕምልቲ ጥራይ ስለዘድህቡ፡ ጎኒ-ጎኒ ኣብ ልምዓት ፍረታት ክደፍኡ ኣዘኻኺሩ።

ሓላፊ ኣሃዱ ቁጠባዊ ልምዓት ኣቶ ሄኖክ ጺጋይ ብወገኑ፡ ኣልማዕቲ ከም ኣራንሺ፡ ሎሚን ማንጎስን ዘይቱንን ብምዝውታር ኣበርክቶኦም ከዕዝዙ ብምልባው፡ ቁጠባ ኣገባብ ማሳኖ ከተኣታትዉ፡ ባህርያዊ ድኹዒ ክጥቀሙ፣ ተጠቀምቲ ዘይተጸንዐ መድሃኒታት ጸረባልዕን ሕማማትን እንስሳን ከወግዱ፡ ከምኡ'ውን ብሞያውያን ንዝውሃብ ምኽሪ ክተግብሩን ማሕበር ብምቛም ፍርያቶም ክሰሱን ጸዊዑ።

ተሳተፍቲ ድማ፡ ንኣገዳስነት ናይ'ቲ ርክብ ብምጥቃስ፡ ብወገን ሚኒስትሪ ሕርሻ ምስ ከባቢኦም ዝሰማማዕ ዘርኢ ክቐርብ፣ ሞያዊ ምኽሪ ክድፋኣሉ፣ ሜላታት ተጠቀምቲ ባህርያዊ መኻዕበቲ እቶት ድማ ብዝበለጸ ክትግበር ዝብል ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

## ቀቐዋ ሎሚ ቕነ

ግሪኻዊ ፈላስፋ ፕላቶ፡ "ጥርሑ በርሚል ዝያዳ የድምጽ" ይብል ነበረ።

ኣብዚ ቕንያት'ዚ፡ ኣእዛንና ዝኻኸቱ ቀቐዋ (cackling) ደሚቑ ቀጺሉ። ምዕባለታት ዞጎና ዝከታተል ኣዚ ቀቐዋ'ዚ ዝኾነ፡ ኣብ ባሕራኩቡዲ ዘሎ ጉብኢ ስለዝፈልጥ . . ነገሩ ከምስ! ዙብል እዩ። የጉዳስ ተልመዴን ተንታኖ፡ መዛይማን ታሪኽ፡ ተማህሮቲ ግጭትን ህወከትን፣ ተናበይቲ ማሕበራዊ ሚድያን ሃሱሳትን እናተቐባበሉ ብኾን ድኾን ከየፋሩ ቀጺዮም።

ዘመናዊ ቴክኖሎጂ ሚድያ ምስ ብዙሕ ጥቕምታቱ፡ እልቢ ዘይብሉ ሸርሻሮ እውን ኣሰሲኑልና እዩ። ውሑዳት ቁም ነገራውያን ገዲፍና፣ እቶም ዝበዝሑ ባዶ ፍልጠት፡ ጣቋ ዘይብሉ ሃለውለው፡ ፈጠጥ ሓሶትን ጸያፍ ቃላትን 'ሸር በሉልና' እናበሉ ትኻቦ ምምሕጻን ሞያ መንብሮ ዝገበሩዎ'የም። ወረ ክብዝሑ ምንጪ ኮይኑ እሙን ሓበሬታ ኣየድልየምን። ዘውረድዎ ሓሶት ምዃኑ ምስ ተቓልዐ ሰኽፍ ከይበሎም ናብ ካልእ ይሰግሩ'ሞ፡ ብዕምቈት ዘይርድእዎ፡ ብብቕዓትን ሞያን ዘይምጥኖም ጉዳይ እናልዓሉ፡ ንባዕሎም ሃውቲቶም ስራሕ ዝሰኣነ ከህውትቱ ይውዕሉ።

ኣብ ግዜ ስርዓት ናዚ ጀርመን፡ ሓላፊ ፕሮፖጋንዳ ዝነበረ ጆሴፍ ጎብልስ፡ "ኣብ ፕሮፖጋንዳ ዕወት ንምዃን ኩምራ ቃላት ዘድሊ ኣይኮነን። ሓደት ቃላት መረጺካ ብዘይዕረፍት ምድግጋመን ጥራይ እዩ፣ ዓቢ ሓሶት እውን ይኹን፡ ምሕር ምስ ዝደጋገም ከም ሓቂ ክውሰድ ይኽእል እዩ።" ይብል ነበረ።

በዚ ቅማረ'ዚ ይመስል፡ ለይቲን መዓልቲን ብምቕቓው ያኢ፡ ኣፍደገ ባሕሪ ዝርከብ ዝመሰሎም ዝተሃመሉ ወይ ዝተዓሰቡ ልሂቃን፡ ኣብ መሳኸቲ ቴለቪዥንን ማሕበራዊ ሚድያን እናቐረቡ፡ ብሕልሚ ደርሆ ሰቡት ከሰምጅዉ ዓመት መመላእታ ከየረብረቡ ለፍሊፎም። ሕሉፍን መሪርን ተመኩሮ ጸቡቕ ገይሩ ዝመሃሮ እቲ ዝበዝሐን ለዋን ህዝቢ ግን ሃለውሳኦም ካብ ጥዑም ሕልሚ ዘይሓልፍ ምዃኑ ስለዝፈልጥ፡ ስሒቑዎም እምበር - እዚ ኣይሃቦምን። እንተኾነ ከምቲ ናፖልዮን ቦናፖርተ ዝበሎ፡ "ካብ ደምጺ ዘጽቀጡ ሚልዮናት ሰዎች፡ ያዕያዕታ ዓሰርተ በምግት ዝያዳ ይሰማዕ።"

ህዝቢ ኤርትራ ረዚን፡ ወረጃ፡ ርጉእን ዓቃልን ህዝቢ'ዩ። ቋንቋኡ ልፍለፉ ዘይኮነ ቋንቋ ግብሪ ምዃኑ ፈታውን ጸላእን ዘይፈልጦን ዕወት ታሪኹ ዝምስክሮ እዩ። በዓል ነዊሕ ተመኩሮን በሪኽ ፖለቲካዊ ንቕሓትን ስለዝኾነ ድማ፡ ዝደጋገም ስሕታን ቅመራ (Miss calculation) እንተሎ መዋደቓ ኣብይ ምዃኑ ኣማእዚኑ ይፈልጥ እዩ። 'ትም' ዝበለ፡ ዝበሃል ጠፊኡዎ ዘይኮነ ኣዚ ስለዝፈልጥ እዩ።

ሰቕታ ኤርትራውያን ንዕቀት ዝመስሎም ኣይሰኣኑን። የጉዳስ ወጽኢት ካዕበት ተመኩሮ'ዩ። ልዑል ርእሰ ተኣማንነት ህዝቢ ኤርትራ ዝርዮም ኣይሰኣኑን፡ እቲ ምስጢር ምልክት ስጡባብ ኩናትን ወትሩ ዕወት ጉዕዞን ዝፈጥሮ ርጉእ መንፈስ እዩ። ህዝቢን ስራዊትን ኤርትራ ናይ ሰላም ሓይሊ ምዃኖም፡ ብዙሓት እንተላይ ናይ ሎሚ ተሰለቦቲ፡ ትማሊ ትማሊ ዓው ኢሎም ዝመስከሩዎ እዩ። እቶም ንኩናት ዝሀንደዱ ኮኑ እቶም ብቐቐዋ ዝናበዱ - እቶም ኩናት ዘይፈልጡ ጥራይ እዮም።

ቦርድ ክፍሊ ጋዜጣ


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ
ቁ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማን
ቁ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቁ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሓበን ገብረኣምላኽ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቁ.ስ.163471-07588045
ምልክታ
ቁ.ስ. 125013 - ቁ.ሳ.ጶ. 1284

# ኩርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ንግንዛብ

## 3ተ ስጉምታት ኣብ ጉዕዞ ትምህርተይ

ኣብ በይነይ ኰይነ ብዛዕባ ጉዕዞ ህይወትይ ክሓስብ እንከለኹ፡ ዝያዳ ዝዓዘዘ ሓሳብ፡ ትምህርተይ እዩ። ኣብ ትምህርቲ ዘሎኒ ዓቕምን ትምኒትን ክመዛዝነለይ ደለኹ። ምኽንያቱ፡ ትምኒት በይኑ ዋጋ የብሉን። ስለዚ፡ ናብ ትምኒተይ ዘብጽሓኒ ዓቕሚ ክህሉወኒ ብሂገ። ትምኒተይ፡ ዓቕመይን ክእለተይን ዝበጽሖ ክኹነለይ እንተ በሃግኩ ጽቡቕ እዩ። ትምኒት ንበይኑ፡ ኣብ ዘይክኣል ዝመስለካ ግዜ ግዝያዊ ዕረፍቲ ይህብ ምኳኑ ይእመነሉ። ምምናይ እቲ ዝጠዓመን ዝቐለለን ነገር እዩ። ዘድሊየካ ኣለሊኻ ምምናይ ግን ክብድ ይብል፣ ዘድሊየካ ነገር ክትፈልጥ፡ ነብስኻ ምፍላጥ ስለ ዘቐድም። ነብስኻ ንኽትፈልጥ ከኣ ብዙሕ ኲስኳስ የድሊየካ። ናብ ውሽጥኻ ትኣትወሉ ብዙሕ መገድታት ክትደሊ ትግደድ። በይነይ ኣብ ዝኾነሉ ግዜ ኸኣ ነብሰይ እፈልጣ ድየ ኣይፈልጣን ክምልስ እፍትን። ብዙሕ ግዜ ካብ እንሰምዖ ታሪኽ ዓበይቲ ሰባት ዓለምና፡ ዘበዝሑ እቲ ስሞም ዝኹልዐ ኣበርክቶኦም ካብ ብንእሽቶኦም ዘለለዩዎ ዓቕሚ ውሽጦም ዝወለዶ እዩ። ኣብ ከምዚ ናትይ ካልኣይ ደረጃ ዘለኹሉ ግዜ ወይ ዕድመ፡ ንሳቶም ዝደልዩዎ ፈሊጦም ነበሩ። ኣረ ገለኦምሲ ንገለ ዓበይቲ ርኽበታት ዝረኸቡ፡ ምህዞታት ዝመሃዙ ወይ'ውን ዓበይቲ ሕቶታት ኣልዒሎም ዝነበሩ እዮም።



ኣነ ኣብዚ ተመሳሳሊ ዕድመኸ እንታይ ገይረ ኣለኹ? እንታይ እሓስብ ኣለኹ? እንታይ እየ ክኸውን? እቲ ብልበይ ዝደልዮ እንታይ እዩ? …?....? …? ….? ብዙሕ ብሻዓኡ ዘይምለሰለይ ሕቶታት ንነብሰይ ኣቕርበላ እየ። ንኹሉ ክምልሶ'ኳ እንተ ዘይከኣልኩ፡ ትምህርቲ ሓደ ካብቶም ነዚ ሕቶታት ንኽምልስ ዝሕግዙኒ መሳርሒታት ምኳኑ ግን ፈሊጠ ኣለኹ።

ቀዳማይ ስጉምተይ፣

ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝምሃሮ ፍልጠት፡ ናብቲ ናይ ብሓቂ ንስኻተይ ዝመርሕ ሓደ ሓባሪ ምልክት ምኳኑ ምእማነይ እዩ። ሓደ ግዜ ንናይ “ላይፍ ስኪል” መምህርና፡ ብዛዕባ ነብስኻ ምፍላጥ ሓንቲ መማህርትና ሓቲታቶ ነበረት። ነብስኻ ምፍላጥ ኣዝዩ ዓቢ ኣምር ምኳኑ ድሕሪ ምንጋር፡ “ኣብ ኣዕድመና እዛ ሕቶ ትጋደፈና ኣይኮነትን። ነብስኻ ምፍላጥ ዘየዕርፍ ሕቶ ሰብ እዩ። ግና ንፋዓት እንተ ኼንኩም ኣብዚ ዘለኹሞ ዕድመ ነብስኹም ክትፈልጡዋ፡ እታ ሓቂ መንነትኩም ክትፈልጡ ትኽእሉ ኢኹም። እቲ ነብሱ ዝፈልጥ ብሓጉስ ክነብር ኣይሸግሮን እዩ። ናበይ ይኸይድ ኣሎ? ስለምንታይ? መዓስ'ዩ ኣብ ምዕራፉ ዝበጽሕ? ድሕሪኡኸ እንታይ እዩ ዝረክብ? ዋላ ደኣ ዓሰርተ ሳዕ ይውድቕ ወይ ይፍሽል፡ ብምርጫኡ ፍጹም ኣይጠዓሰን እዩ። ምኽንያቱ ንሳ፡ እታ መገዲ፡ ናቱ ከም ዝኾነት ስለ ዝፈልጣ፡” ክብል መለሰ። መምህር “ካብ ምንታይ ተበጊስኪ ሓቲትክኒ?” ብምባል ሕቶ መለሰላ። እታ መማህርትና ኸኣ ሓንቲ ናይ ስነ-ልቦና መጽሓፍ እናኣንበበት እንከላ ነዛ ኣምር ምርድኣ ከም ዘሰኣነት ነገረቶ። መምህር፡ ንመማህርትና ብምምጓስ ከምዚ በለና፡ “ነብስኻ ክትፈልጥ ካብ ዝሕግዙ ንጥፈታት ሓደ፡ እቲ ፍቱን ተመራጽን፡ መጽሓፍ ምንባብ እዩ። ብዙሕ ዓይነትታት መጽሓፍ ምንባብ ናብ ንስኻትካ ይመርሓካ እዩ። ኲሉ ዓይነት መጽሓፍ ይሕግዝ ማለት ኣይኮነን። ግን ኲሉ ዓይነት መጽሓፍ ምንባብ ከኣ የድሊየካ እዩ። ምሳና ብቐረባ ዝተኣሰሰር ካልእ ፍቱን ኣገባብ'ውን ኣሎ። ንሱ ኸኣ ትምህርቲ እዩ። እቲ ክትኮኑዎ እትደልዩ፡ ወይ ክትበጽሑዎ እትደልዩ ደረጃ ካብ ውሽጥኹም ዝነቐለ ድልየት ምኳኑ ክትፈልጡ ኣለኩም። ኣብዛ ዓለም እቲ ብዘይ ትምህርቲ ክብጻሕ ዝከኣል ዝበሃል ክጠቕሰልኩም ኣይክእልን እየ። ምኽንያቱ፡ ብዘይ ትምህርቲ፡ ምንባብን ምርማርን ኣብዛ ዓለም ቍምነገር ዝተገብረሉ ዓውዲ ክሳዕ ሕጂ ኣይሰማዕኩን ወይ ኣየንበብኩን፡” ብምባል ትምህርቲ ዘይንዓቕ ምርጫ ምኳኑ ነጊሩና ነበረ። ስለዚ፡ ትምህርቲ ንባህግታተይ ዝጭብጠሉ መገዲ ምኳኑ ኣሚነ ክቕበሎ መዲበ።

ካልኣይ ስጉምተይ፣

ካብ ዘረባን ጽልዋን ስድራይ፡ ፈተውተይ ወይ መሓዙተይ ወጺአ ንኹለን ዓይነታት ትምህርቲ ብሓደ ዓይኒ ርእየ ክምርምረን ምምዳበይ'ዩ። ምኽንያቱ፡ ገለ መምህርተይ ንፊዚክስ ኣዝዮም ዝጸልኡዋ ኣለው፣ “ፊዚክስ ናይ ጽሉላት ትምህርቲ እዩ። ዋላ ሓንቲ ኸኣ ክትሰርሓሉን ክትነብረሉን ኣይትኽእልን ኢኻ፡” ይብሉ። ገለ ኸኣ ኣለው ንኹሉ ማሕበራዊ ትምህርቲ ፈጺሞም ዘይፈትዉ። መዓልታዊ እቲ ነቲ ሓደ እናፈንፈኑ ይዛረብሉ። ኣነ ግን ካብ ኲሉ ከምዚ ዓይነት ዘረባ ወጺአ፡ ብማዕረ ክጽንዐን፡ ክምርምረንን ክፈትወንን ኣለኒ ኢለ ተበጊሰ። ምኽንያቱ፡ ንባዕለይ እንታይ ከም ዝፈልጥኩ፡ ሰብ ብዝበሉዎ ክውሰን ስለ ዘይደለኹ።

ሳልሳይ ስጉምተይ፣

ሳልሳይ ስጉምተይ ኣንጻር ሰብ ዝብሎ ምኻድ እዩ። እዚ ማለት ግን ኣብ ኲሉ ህይወተይ ኣንጻር ዝበሃለኒ ክኸይድ ማለት ኣይኮነን። እንታይ ደኣ ከምዚ ቅድም ኢለ ዝጠቐስኩዎ፡ “ንስኻ ኣብ ቍጽሪ ንፉዕ እንዲኻ፣ ኣብ ተፈጥሮኣዊ ስነ-ፍልጠት ክትኣቱ ኣለካ፡” ኢሎሙኒ ንበል። ቍጽሪ ንፉዕ ምኳን ኣብ ናይ ማሕበራዊ ዓይነታት ትምህርቲ ኣየድሊየካን ድዩ? ዋላስ ቍጽሪ ንፉዕ እንተ ኼንካ ኣብ ማሕበራዊ ትምህርቲ ንፉዕ ክትከውን ስለ ዘይትኽእል እዩ? ከምዚ ዝኣመሰለ ሕቶታት እናኣልዓልኩ፡ ናይ ገዛእ ርሰይ ውሳነ ብሓላፍነተይ ክውስን ኣለኒ ኢለ መዲበ ኣለኹ።

ሸውሃት በረኸት

## ልሙዳት ስሕተታት ኣብ እንግሊዝኛ

COMMON MISTAKES IN ENGLISH

MISUSED FORMS

THE USE OF A WRONG TENSE

Using the simple present instead of the present continuous.

Don't say: Look! Two boys fight.

Say: Look! Two boys are fighting.

The present continuous (and not the simple present) must be used for an action going on at the time of speaking.

NOTE. The present continuous is also used for actions in the near future, especially with verbs of motion such as: “come,” “go,” “leave,” etc., “He is leaving for Eritrea soon.”

The continuous form of the tense misused.

Don't say: I am understanding the lesson now.

Say: I understand the lesson now..

As a rule, verbs denoting a state rather than an act have no continuous forms, like “understand,” “know,” “believe,” “like,” “love,” “belong,” “prefer,” “consist,” “mean,” “hear,” “see,” etc.

ምንጪ፣ ካብ መጽሓፍ ‘COMMON MISTAKES IN ENGLISH’

## ኣምራት ስነ-ፍልጠት

### ፍልቀትን ተፈጥሮኣዊ ምርጫን

### “እቲ ህቡብ ክልሰ-ሓሳብ ቻርለስ ዳርዊን”



እዚ ኹሉ ኣብዚ ዓለም ዘሎ ህይወታዊ ካበይ መጺኡ? ሰብ ካበይ መጺኡ? መን'ዩ እቲ ናይ መጀመርታ ሰብ? ሓቂ ድዩ ሰብ ህበይ ነይሩ ዝብሉዎ? ሓቂ ድዩኸ ካብ ሓሰኻ'ዩ ፈሊቑ ዝብሉዎ? ዘራፍ ከም ዓጋዜን ጤለቤዱን ክሳዱ ሓጺር ነይሩ ዝብሃልከ? ዝብሉን ካልኦትን ሕቶታት ገና ከየካትዐ ዘይሓልፉ ጉዳያት እዮም፣ ኣብዚ ስልጡን ሕብረተሰብ ክንዲ'ዚ ዘካትዑስ፡ መጀመርታ ነዚ ክልሰ-ሓሳብ ፍልቀት ዘቕረቡ ስነ-ፍልጠተኛታት እንታይ ዓይነት ተቓውሞ የጋጥሞም ነይሩ ምግማቱ ኣየጸግምን።

ኣብዚ እዋን'ዚ ኣድማስ ከመይ ኢሉ ከም ዝቖመ ዝገልጽ ሓደ ኣምር ኣሎ። ፊዚክስ ኣብ መዓልታዊ ህይወትና እንታይ ተራ ይጻወት'ውን ክፍለጥ ተኻኢሉ እዩ። ሰብ ከመይ ኢሉ ከም ዝቘመን ናብዚ ሕጂ ዘሎዎ ደረጃ ከመይ ኢሉ ከም ዝበጽሐን ኣንፊትና ክንጠዊ፣ ብዙሓት ስነ-ፍልጠተኛታት፡ ኣብ መሬት ዝነብር ኲሉ ህይወታዊ ሓደ ኣቦው (መበቈል ዘርኢ) ከም ዘሎዎ እዮም ዝገልጹ። እንተኾነ ኲሎም ህይወታውያን ናብ ኣዝዩ ዓቢ ፍልልይ ዘኽየዶም ዝተፈልየ ንጹር ጃንዳ ኣሎዎም። እዚ ዓቢ ፍልልይ ብፍልቀትን ውርሻኣዊ ምዕባለን ዝመጽአ እዩ።

ህይወታውያን በብእኩብ ክነብሩ ጀመሩ። እዞም በበይኖም ዝነብሩ ህይወታውያን፡ ዝተፈላለየ ጠባይ ከማዕብሉ ከኣሉ። እቲ ልሙድ ጠባዮም ምስ ግዜ ይቕይሩ፣ እቲ ዝመጽእ ወለዶ ድማ ዝተፈልየ ባህሪ ሒዙ ይፍጠር። ኣብ ጉዕዞኦም ንምንባር ዘድሊዮም ባህሪ እናኣማዕበሉ ክኸዱ እንከለው፡ እቶም ነዚ ባህሪ ዘማዕበሉ ዝያዳ ናይ ምንባር ዕድል ይህሉዎም። ንኣብነት ዕንቍርያብ ሓመዳዊ ሕብራ ኣብ ጭቃ ወይ ዓዘቕቲ ተመሳሲላ ክትነብር ይሕግዛ። ከምዚ ዝበሉ ህይወታውያን ንኽነብሩ ብባህሪ ዝተሓርዩ እዮም። “ብተፈጥሮ ዝተመርጹ” ከኣ ይብሃሉ። እዚ ኣምር ካብዚ ንላዕሊ ኣዝዩ ክገፍሕ ይኽእል'ኳ እንተ ኾነ እቲ መባእታዊ ኣምሩ ነዚ ይመስል። ኣብ 19 ዘመን ዳርዊን ንፍልቀት ከጽንዕ እንከሎ። ኣብዚ ኣርእስቲ መሰረታዊ ለውጢ'ዩ ፈጢሩ።

ኢልሃም ፈረጅ - ከረን

## ጥቕሲ እዚ ሰሙን

“ብዛዕባ ነብስኻ ንኽትሓስብ ኣዚኻ ድፈር።”

- Voltaire

ንትምህርቲ፡ ምህዞ፡ ርኽበትን ሓፈሻዊ ህይወትን ዝገልጽ ጥቕሲ

# ፍረ ጻዕሪ

ሕርሻን መግብን

ፊልማዊት መዓሾ

## "ልምዓት ጀርዲን፡ መነባብሮኻን ከባቢኻን እትልውጠሉ ዓውዲ'ዩ"

### ሓረስታይ ተስፋልደት ተኻሊ

ኣብ ልምዓት ሕርሻ ዝርከብ ዓወት፡ ብቐንዱ ብኽብርታት ስራሕ ጥራይ'ዩ ዝሕፈስ። ጉዕዞ ሓረስታይ ተስፋልደት ተኻሊ ድማ፡ ሓደ ኣብነት ናይ'ዚ እዩ። ሓረስታይ ተስፋልደት፡ ነባሪ ዓዲ ሓዲድ፡ ንኡስ ዞባ ሰገነይቲ - ዞባ ደቡብ ኰይኑ፡ ኣብታ ሓደ ሄክታር ስፍሓት ሕርሻ ኣብ ምልማዕ ይርከብ። ንሱ ካብ ዝተሓተ ደረጃ ተበጊሱ'ዩ፡ ነቲ ንእሽቶ ዝነበረ ሕርሻኡ ኣብ'ዚ ናብ ኣዝዩ ዝለዓለ ደረጃ ከብጽሖ ክኢሉ ዘሎ። በዚ መሰረት፡ ናብ'ዚ ዘለዎ ኣብነታዊ ስራሕ ክበጽሕ፡ ክቡር ዋጋ ተሓቲቱን ክቡር ዋጋ ከፊሉን'ዩ። ንክብርታት ስራሕ'ውን ደኺመ-ጸሚመ ከይበለ ብዝለዓለ ደረጃ ስለ ዝተርጎሞ፡ ሓደ ካብ'ቶም ብኣብነት ዝጥቀሱ ሓረስቶት ክስመ በቒዑ።

"ነዚ ሕርሻ፡ ቈልዓ ከለኹ ኣብ ዓዲ ብዘጥረኽዎ ተሞኩሮ'የ ጀሚረዮ። ናይ ቀለም ትምህርቲ ስለዘይወሰድኩ፡ ናተይ ትምህርቲ፡ ካብ ወለደይ ዝወረስክዎ ንጥፈታት ሕርሻ'ዩ። ስለዚ፡ ነዚ ሕርሻ፡ ቅድሚ ናጽነት ብሻንኬሎ እናገለልኩ'የ ኣበጊሰዮ። ናጽነት ምስ ኰነ ድማ እቲ ኣብ ንጥፈታት ሕርሻ ዝነበረ ጸገማትን ዕንቅፋታትን ስለ ዝተኣልየ፡ ነዚ ሕጂ ዘልምዮ ዘለኹ መሬት ኣብ 1994 ሒዘዮ። ነዚ ሎሚ ዓብዩ ዘሎ ዓበይቲ ኣግራብ ናይ ፓፓዮ፡ ኣራንሺ፡ ቡን፡ ዘይቱንን ካልእን በብግዜኡ እናተኸልኩ ስለ ዝመጻእኩ ኸኣ፡ ኣብ'ዚ ደረጃ ክበጽሕን ፍረ-ጻማይ ክሓፍስን ክኢለ ኣለኹ። ኣብ'ዚ ናይ 30 ዓመታት ተሞኩሮይ ከኣ፡ ኣብ ሕርሻ ዝደኸመ ሰብ ጻማኡ ከምዝርከብ'የ ተማሂረ" ይብል።

ብዘይካ'ዚ፡ ምስ'ቲ ዘካይዶ ንጥፈታት ጀራዲን፡ ቤት ሻሂ ከፊቱ ስለ ዝተንቀሳቐሰ፡ ነቲ ኣብ ሕርሻኡ ዘፍረዮ ሰላጣ፡ ኮመደረ፡ ጉዕ በርበረ ወዘተ ክጥቀመሉ ክኢሉ። እዚ ከኣ፡ ኣታዊታቱ ከሰስን ከምዝሓገዞ ይሕብር። ኣብ ጸቢብ ናይ ሕርሻ ቦታ ተቐሚጥካ ቅልጡፍ ምዕባለ ከተርኢ፡ ቀሊል ከምዘይኰነ ዝገልጽ ሓረስታይ ተስፋልደት፡ ብትዕግስቲ ምስ እትጕዓዝ ግን፡ ዘይብጻሕ ከምዘየለ የገንዝብ።

ናብ'ዚ ደረጃ ዕብየት ንኽበጽሕ ነዊሕ ዝተጓዕዘ ሓረስታይ ተስፋልደት፡ ንሕሉፍን ናይ ፈለማን ተሞኩሮኡ ብኸምዚ የዘንትዎ፡ "ነዚ ተኽሊ ክተኽሎ ከለኹ ኣብ መሬት ግብሪ'የ ተኺለዮ። መሬት ግብሪ ድማ መሬት ኣሕዋት ብምዃኑ፡ ኣብ'ቲ ፈለማ ርእሱ ዝኸኣለ ብድሆ ፈጢሩ'ዩ። የግዳ፡ ዓድና ኣብ ባይቶ ተኣኪቡ፡ ኣታዊ እናገበርኩ ክቕጽሎ ስለ ዝወሰነለይ፡ ክሳብ ሕጂ ኣልምየ ኣለኹ። በዚ ኸኣ፡ ንዓድና ከየመስገንኩዎም ክሓልፍ ኣይደልን'የ። ምኽንያቱ ብናይ ዓድና ሕድገታት'የ ኣብ'ዚ ደረጃ'ዚ በጺሐ ዘለኹ'ምበር፡ ብናተይ ሓይሊ ጥራይ ኣይኰነን።"

ነቲ ኣብ ውሽጡ ዝጸንሖ ተውህቦ ብምብርባር፡ ነቲ ዝጸንሖ እኩብ ፍልጠቱን ተሞኩሮኡን፡ ብስነ-ፍልጠታዊ ሜላ እናቐለሰ፡ ካብ ክኢላታት ሕርሻ ሞያዊ ሓገዝ ክረክብ ኣኺኢልዎ። እዚ ኸኣ፡ ኣብ ምስሳን ምህርቲ ሕርሻኡ ብዘይ መጠን ወሳኒ ተራን ኣበርክቶን ከምዝገበረሉ ይምስክር። "ነቲ ብንኡስ ዓቕሚ ዝፈለምክዎ ልምዓት ሕርሻ ንምምዕባልን ንምሕያልን፡ ተቓዳዲመ ናብ ሚኒስትሪ ሕርሻ'የ ከይደ። ክሰርሖ ዝኽእል ነገራት፡ ሸግረይ ከቃልለሉ ዝኽእል ኣሰራርሓ፡ ብዓቢኡ ኸኣ ዝተፈላለየ ደገፍ ክረክብ ክኢለ። ስለዚ፡ ኣባላት ሚኒስትሪ ሕርሻ ካብ ጎድነየ ከይተፈልዩ፡ ኣብ ምትካል፡ ኣብ ምልላይን ካልእ ንጥፈታትን ምሳይ እናወፈሩ ዓቢ ምትብባዕ ገይሮሙለይ" ድማ ይብል።

"ኣጠቓቕማ ድኾዒ፡ ሓያል ግንዛበን ንቕሓትን ዝሓትት'ዩ። ምኽንያቱ፡ ኣብ ምስሳን ምህርትን ምህብታም ትሕዝቶ ሓመድን ልዑል ኣበርክቶ ስለዘሎዎ። ንሕና፡ ነቲ ዝነበረና ባህርያዊ ድኾዒ ብቐጥታ ኣምጺእና ኢና ንድኩዖን ንሰርሓሉን ነይርና። ዝያዳ ውጽኢት መታን ክንረኽበሉ ከኣ፡ ኮምፖስት ክንሰርሖ ከምዘለና ብኽኢላታት ሚኒስትሪ ሕርሻ ተሓቢሩና። ብመሰረት'ቲ ዝወሃበና ዝነበረ ምኽርን ማዕዳን፡ ጉድጓድ እናኳዓትና፡ ነቲ ንጉሕፎን ነቃጽሎን ዝነበርና ጸህያይን ቀጽለ-መጽልን፡ ምስ ድኾዒ እናወሃሃድና ኮምፖስት ክንሰርሖ ኽኢልና። እዚ ሜላ'ዚ ከኣ፡ ዝያዳ ምህርቲ ክንሓፍስ ኣኽኢሉና። ስለዚ፡ ኮምፖስት ጽቡቕ ውጽኢት ከምዘለዎ ርኢናዮ" ብምባል፡ ኮምፖስት ምጥቃም ማዕረ ኽንደይ ከምዝሓገዞ ይገልጽ። ኣባጊዕ ስለ ዘለዋኦ ድማ፡ ዓኾር ኣባጊዑ እናኣከበ ዝረኽቦ ባህርያዊ ድኾዒ ኣብ'ቲ ጀርዲኑ ከምዘውዕሎ ይሕብር።

ጻዕራምን ኣብነታውን ሓረስታይ ተስፋልደት፡ ኮመደረ ካብ ሄክታር ክሳብ 300 ኩንታል፣ ምሩጽ ዘርኢ ስርናይ ካብ ሄክታር ልዕሊ 40 ኩንታል፣ ጉዕ በርበረ ካብ ሄክታር ክሳብ 130 ኩንታል፣ ኣራንሺ ድማ ዋላ'ኳ ኣብ'ቲ ዝድለ ዕብየት ኣይብጻሕ ካብ ሄክታር ክሳብ 200 ኩንታል ይሓፍስ።

ሓረስታይ ተስፋልደት ተኻሊ፡ ኣብ ሕርሻዊ ንጥፈታት'ውን ንሓያሎ ደቂ-ዓዱን ከባቢኡን ብቐዱስ ሓሳብ ደሪኹ'ዩ። ከም ኩሎም ኣብነታውያን ሓረስቶት፡ ንኻልኦት ዝጸልወሉ መገድታት ከርእን ከእምንን ስለ ዝኽኣለ ከኣ፡ ኣብነታውን ኣተባባዕን ተባሂሉ'ዩ ዝግለጽ። ግብሪ ውጽኢት ምስክር ብምዃኑ ኸኣ፡ ነቲ ኣብ ስራሑ ዘንጸባርቖ ዝነበረ ናይ ስራሕ ጠባያት፡ ኣገባብ ኣሰራርሓ፡ ኣብ ልዕሊ ካልኦት ቅዱስ ቅንኢ ከሕድር ኣኺኢሉዎ'ዩ። ጽልዋ ሕርሻ፡ ኣዝዩ ሰሓብን ኣወናዋንን ምዃኑ ዝጠቅስ ኣብነታዊ ሓረስታይ



ተስፋልደት፡ ካልኦት ደቂ-ዓዱ'ውን ከምኡ ኣብ ሕርሻዊ ልምዓት ተሳቲፎም ጻማኦም መታን ክሓፍሱ፡ ምስ ደቂ-ዓዱን ምምሕዳራት ዓዱን ዘተ ከምዘካየደ'ዩ ዝሕብር። እቲ ዝተኻየደ ዘተ ከኣ፡ "ደቂ ዓድና ከማና መታን ክመስሉ፡ ሜላን ጥበብን ጀርዲን ከነትሕዞም ኣለና" ዝብል እዩ ነይሩ። ካብ'ዚ ተበጊሶም ከኣ፡ ማይ ዝኣትዎ ዘበለ ሩባታት ዓዶም'ዮም ፈቲሾም። ኣስታት 36 ሄክታር ዝኸውን መሬት ናብ ሕርሻ ቀይሮም ከኣ፡ ነፍሲ-ወከፍ ወዲ ዓዲ ከልምዕን ክሰርሕን ከምዘለዎ ገይሮም። ብኸምዚ ሜላ ከኣ፡ ዓዶም ነቲ ከባቢ ዓቢ ኣብነት ሕርሻዊ ልምዓት ክኸውን ገይሩዎ ኣሎ። ነፍሲ-ወከፍ ወዲ-ዓዲ ዝለምዕ መሬት ጀርዲን ሒዙ ስለ ዘሎ ከኣ፡ ኣብ ውሽጦም ዘከራኽር ከምዘይብሎም፡ ሓረስታይ ተስፋልደት ተኻሊ የብርህ።

ኣብ'ዚ እዋን፡ ሓያለ ሓረስቶት፡ ኣብ ልምዓት ጀራዲን ብዝገበርዎ ጻዕርታት፡ ኣብ ቀረብ ኣሕምልቲ፡ ዘይነዓቕ ቀረብ ይገብሩ ኣለዉ። ኣብነታዊ ሓረስታይ ተስፋልደት ተኻሊ፡ ልዑል ኣበርክቶ እናገበረ ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ መድረኽ፡ ኣብ መጻኢ'ውን ዓቢ ራእይ ከምዘለዎ'ዩ ዝገልጽ።

"ኣብ'ዚ ልምዓት ሕርሻ፡ ጽቡቕ ተተባቢዐ'የ ዝሰርሕ ዘለኹ። ኣብ'ዚ ዓመት'ዚ ኸኣ ነቲ ዝተዋህበኒ መሬት ብጾዞር ኣሰፊሐ ጽቡቕ ገይረ ኣልሚዐዮ ኣለኹ። እዚ ድማ ሳላ'ቲ ኣብ ብርኪቶ መንግስቲ ሰሪሑዎ ዘሎ ዲጋ ዝመጽአ ዓወት'ዩ። እዚ ዲጋ'ዚ፡ ንዓና ጥራይ ዘይኰነ ክሳብ ከባቢ ማይ ዓይኒ ነቲዑ ስለዘሎ፡ ካብ ብርኪቶ ጀሚረን ክሳብ ዓዲ ሓዲድ ዘለዋ ዓድታት፡ ኩለን ሞቶረታት ገይረን፡ ካብ ዒላ ዘይኰነ፡ ካብ ዛራ'የን ዘልምዓ ዘለዋ። ሳላ'ዚ ዲጋ ዝተረኽበ ጸጋ፡ ነቲ ናይ ጀራዲን ልምዓት ከነስፍሖ ክኢልና ኣለና። ኣብ መጻኢ ድማ፡ ምስ ልምዓት ሃገር ብዝሳነ መገዲ ልምዓትና ክነዛይድ መደብና'ዩ።"

ሓረስታይ ተስፋልደት ተኻሊ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ንሱ ዘካየዶ ሕርሻዊ ልምዓት፡ ንሓድሕዱ ዝደጋገፍ ንጥፈታት ቤት ሻሂን ድኳንን ምኽፋቱ፡ ብጽቡቕ ክሰጉም ከምዝሓገዞ የገንዝብ። ስለዚ፡ ሳላ'ዚ ሕርሻዊ ልምዓት፡ ደቁ ኣምሂሩ ኣብ ዝብጻሕ ከብጽሕ፡ ኣብ ጥቓ ጀርዲኑ ምዕሩግ መንበሪ ገዛኡ ክሰርሕ፡ ፍርያቱ ካብን ናብን ዘበጻጽሓላ መንቀሳቐሲት መኪና ክገዝእ ክኢሉ ኣሎ። ብሕጂ'ውን ኣብ ቅድሚኡ ዝጥምቶ ድሙቕ ተስፋ ስለ ዘሎዎ፡ ናብ ዝዓበየ ሕርሻዊ ልምዓት ክሰጉም ምዃኑ ይሕብር።

ፍናን ተኽለ



---

## መኣዛ ፍረ-ጻዕሪ ምስ ኣስመረት ዳምር

### ቡኩነይታ (ባህላዊ መግቢ ብሄረ ዓፋር)



**ዘድልዩ ጥረ ነገራትን ዓቐንን**

- 1 ኪሎ ስርናይ
- 1 ፍንጃል ጠስሚ
- 100 ግራም መዓር
- 1 ሊትሮ ጸባ
- 1 ማንካ ጣውላ ኣበሱዳ
- 1 ማንካ ጣውላ ህሩድ
- መባኸዕቲ (ዘሎና)
- ጨው ከም ኣድላይነቱ

**ኣገባብ ኣሰራርሓ**



መጀመርታ ንዘዳለናዮ ሓርጭ ስርናይ፡ ኣበሱዳ፡ ህሩድን መባኸዕትን ወሲኽና ብማይ ንለውሶ። ቀጺልና፡ ካብ 10 ክሳዕ 15 ደቓይቕ ንኽበኩዕ ንሓድጎ። ምስ በኾዐ፡ ኣብ ዕሙቕ ዝበለ ድስቲ ወይ ሸሓኒ ንስንክቶ። ብላዕልን ብታሕትን ማዕረ ምቑት ረኺቡ ንኽበስል ድማ ከዲንና፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ መኽደኒ፡ ጓህሪ ሓዊ (ፈሓም) ንገብረሉ። ብድሕር'ዚ ምስ በሰለ ኣውጺእና ኣብ ካልእ መትሓዚ ብምግምጣል ንፍትፍቶ። ኣብ መወዳእታ ዘዳለናዮ ጸባ፡ ጠስምን መዓርን ኣብ ልዕሊ እቲ ዘፈትፈትናዮ ቡኩነይታ ብምእታው ንሓዋውሶ'ሞ ንመግቢ ንቕርቦ።

## ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!

ሽባብ
ሃማመተኤ

ሪፖርታዥ

ስምኦን ወልደሚካኤል

# ዝኽሪ መግዛእታዊ ግፍዒ
## - ምህሮ ንኸይድገምን ንኽውገድን-

ግዝኣተ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝፈጸምዎ ኣረሜናዊ ተግባር፡ ብኤርትራውያንን ኢትዮጵያውያንን ብማዕረ ክፍለጥን ኣፍልጦ ክወሃቦን ምግባር ንመጻኢ ዝምድና ክልተኡ ህዝብታት ዝህቦ ኣገልግሎት ዓቢ'ዩ። ምእንቲ ሰላማዊ፡ ጥጡሕን ዘተኣማምንን ዝምድና፡ ኣብ ሕሉፍ ዝተፈጸመ በደል፡ በደልትን ተበደልትን ብማዕረ ክፈልጥዎን ክዝክርዎን ኣለዎም። ምንእቲ'ዚ ዕላማ'ዚ፡ ኣብዚ ዓመት'ዚ ዝኽሪ መበል 54 ዓመት ህልቂት ዖናን በሲክዲራን ጀሚርና፡ ናብ ዝኽሪ መበል 50 ዓመት ህልቂት ኣስመራን ከባቢኣን ተሰጊርና። ህዝቢ ብሓፈሻ፡ መንእሰያትን ተመሃሮን ከኣ ብፍላይ ነቲ ኣካል ናይቲ ንናጽነት ዘካየድናዮ ተጋድሎ ዝኾነ 'ግፍዒ ጸላኢ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ' ክፈልጥዎ ዝሕግዝ መደባት ብደረጃ ዞባ ማእከል ክካየድ ቀንዩ ኣሎ። ከም ኣካል ናይዚ ታሪኻዊ ኣፍልጦን ንቕሓትን መንእሰያትን ተመሃሮን ንምዕባይ ዝካየድ ዘሎ መደባት፡ ኣዳራሽ ዳዕሮ ሃማመተኤ ብሓሙስ 20 ለካቲት 2025 ብዛዕባ ህልቂት ኣስመራን ከባቢኣን ዝጸሓፉ ጸሓፍትን ብኣካል ዝነበሩ ናይ ዓይኒ መሰኻኽርን ብምዕዳም፡ ናይ ዘተ መድረኽ ኣአንጊዱ ኣምስዩ። እቲ መደብ ብኣላዩ መድረኽ ሳሙኤል መንግስተኣብ እናተመርሐ ተኻይዱ።

ፈለማ ጋዜጠኛን ደራስን ሰሎሞን በርሀ ኣብ ሕሉፍ ንዝተፈጸመ በደል ክንዝክር ምኽንያት ዝኾነ ነጥብታት ንምግላጽ መድረኽ ተረኪቡ። ኣቶ ሰሎሞን በርሀ ኣብ መግለጺኡ፡ ሕሉፍ ገበናት ንዝክረሉ ቀንዲ ምኽንያት ቂምን ቅርሕትን ንምቕስቃስ ዘይኮነስ ካብኡ ክውሰድ ዝኽእል ምህሮ ንምቕሳም ምዃኑ ድሕሪ ምግላጽ፡ "ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ብሓባር ክነብሩ ዕጫኦም እዩ። ረብሓ ናይዚ ክልተኡ ህዝቢ ኣብ ምምልላእን ጸጋታቱ ኣብ ምትሕብባርን እዩ ዝርከብ።"



ኣቶ ሰሎሞን በርሀ

ኢሉ። ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዝተፈጸመ በደል፡ ንሕና ጥራይ ዘይኮንና እቶም ኣብ ሕሉፍ ኣብ ልዕሌና በደል ዝፈጸሙ'ውን ክፈልጥዎን ክዝክርዎን ከም ዘለዎም ናይ ምግባር ሓላፍነት ከም ዘለና'ውን ጠቒሱ። ከምዚ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝወረደ ግፍዒ ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ኣብ ዝተፈላለየ ኩርናዓት ዓለም ከም ዝተፈጸመ ብምምልካት ከኣ ከምዚ ዓይነት ገበናት ኣብ ብዙሓት ሃገራት ብይቕረታን ካሕሳን ከም ዝተዓጸወ ኣመልኪቱ። ስርዓታት ኢትዮጵያ ግን ኣብ ክንዲ ይቕረታን ካሕሳን፡ ድሕሪ ናጽነት'ውን ነቲ ሕሉፍ ኣረሜንነት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ምፍጻም ቀጺሎሞ እዮም። ብወያነ ዝተፈጸመ ራሰያ፡ ቅትለት፡ ምስጓጕ፡ ምፍሓር መቓብር፡ ዓመጽ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዘይሃስስ ስንብራት ገዲፉ ሓሊፉ'ዩ። ኣብ መወዳእታ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ንዝወረደ ግፍዒ ዝገልጽ ሓወልቲ ክነቕንዕ ኣገዳሲ ምዃኑ ገሊጹ።

ድሕር'ዚ ገዲም ጋዜጠኛን ጸሓፍን ተጋዳላይ መስፍን ተስፋይ ነቲ ኣብ ለካቲት 1975 ኣብ ኣስመራ ዝተፈጸመ ህልቂት ናይ ዓይኒ ምስክርነቱ መግለጺ ኣቕሪቡ። ቅድሚ ዕግርግር ኣስመራ (1975) ማሕበራዊ፡ ባህላውን ቍጠባውን ሃለዋት ኣስመራ እንታይ ይመስል ከም ዝነበረ ብዝርዝር ድሕሪ ምግላጽ፡



እቲ ጽቡቕ መንፈስ ናይታ ከተማ ምስ ምምጻእ ደርግ ከም ዘይነበረ ከም ዝኾነ ብኣብነታት ኣሰንዩ ገሊጹዎ። ናይቲ እዋን መንእሰያት ርጉኣት፡ ምንባብ ዝፈትዉ፡ ዘመናውያን ከም ዝነበሩ፡ ተጋደልቲ ንኣስመራ ብዙርያ ከቢቦም ንደርግ ኣጨኒቖሞ ምንባሮም፡ ፈዳይን ናይ ተሓኤን ደቂ ኣራዊት ናይ ህዝባዊ ሓይልታትን ክሳብ ኣብ ውሽጢ ኣስመራ ኣትዮም መኮንናት ደርግን ተሓባበርትን ይቐትሉ ምንባሮምን ብሰፊሑ ገሊጹ። ደርግ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ኣስመራን ከባቢኣን ዝፈጸሞ ህልቂት፡ ሕነ ቀራናት ንጓዕማማት ከም ዝነበረ'ውን ኣብሪሁ። ንውልቁን ስድራቤቱን ዝገጠሞም ምክልባትን፡ ህዝቢ ኣስመራ ተኳሲኡ ብዘይፍለጥ ኣብ ጽርግያ፡ መንበሪ ቤቱን ስራሑን ብግፍዓዊ ኣገባብ ዝቐተሎ ዝነበረ ኵነታትን ከኣ ስምዒት ብዘትንክፍ ኣገባብ ገሊጹ።

ስነ-ጥበበኛታት መለስ ንጉሰን ዘርእሰናይ ዓንደብርሃንን ከኣ ብብወገኖም፡ ካብቲ ኣብ መጽሓፍ ግፍዒ ዘሰፈርዎ ኣብ ልዕሊ ንጹሃት ስድራቤታት ኣቶ ብላታ ክፍለጽዮንን ኣቶ ኣብርሃም ወልዱን ዝተኻየደ ኣረሜናዊ ግፍዓዊ ቅትለት ኣዘንትዮም። እዞም ጸሓፍቲ ንቐዳማይን ካልኣይን ምንጪ ሓበሬታ ኣላፊኖም ዝሃነጽዎ ዛንታ፡ ግቡእ ኣገባብ ታሪኻዊ ምርምር ዝሓለፈ ብምዃኑ ነባሪ ሰነድ'ዩም ኣበርኪቶም። መለስ ንጉስ ነቲ ኣብ 1975 ኣብ ምድሪቤቶም ዝተኻዕወ ደም ኣቶ ብላታ ክፍለጽዮን ክሳብ ሕጂ ከም ዘይሃሰሰ ዝነግር ኣሰቃቒ ዛንታ እታ ስድራቤት፡ ኣብ መጽሓፍ ግፍዒ ካብ ገጽ 319-328 ኣሰፊሩዎ ኣሎ። ዘርእሰናይ ዓንደብርሃን'ውን ነቲ ኣብ ገጀረት ኣብ ቤት ኣቶ ኣብርሃም ወልዱ ዝተፈጸመ ኣጽናፊ ግፍዓዊ ቅትለት ኣብ ተመሳሳሊ መጽሓፍ፡ "ገጀረት፡ ጸላም ቀዳም" ብዝብል ኣርእስቲ ካብ ገጽ 329-342 ኣሰፊሩዎ ስለ ዘሎ ንመጽሓፍ ግፍዒ ተመሊስና ብምውካስ ነቲ ታሪኽ ክንረኽቦ ንኽእል ኢና። ነቲ ኣብ 1975 ዝተፈጸመ ህልቂት ኣስመራ ብመልክዕ ሰነዳዊ ፊልምን ካልእ መልክዕ ስነ-ጥበብን ንህዝቢ ኣብ ምቕራብ ክነጥፍ ዝጸንሐ ስነ-ጥበበኛ ግደይ ገብረሚካኤል ብወገኑ ጸላኢ ሓዲግዎ ዝኸደ ሰነዳት ንምምእራር ዝሓለፎ መስርሕ ገሊጹ። በዚ ኣጋጣሚ፡ ብኣሕተምቲ ሕድሪ ኣብ 2017 ዝተዳለወት መጽሓፍ "ግፍዒ"፡ ከምኡ'ውን እታ ብግደይ ገብረሚካኤል ዝተዳለወት ሰነዳዊት ፊልም ህልቂት ኣስመራን ከባቢኣን ብተመሃሮን መንእሰያትን ክንበባን ክርኣያን ንላቦ።

ኣብ መደምደምታ፡ ኣብ ሕሉፍ ዝተፈጸመ በደል ብቐኑዕ ተገንዘቦ እምበር፡ ብኽሕደትን ምኽኒትን ከም ዘይእረም ተረዲኣም በደልቲ ክፈልጡዎን ክኣምኑሉን ይግባእ።

ንሕና ከኣ፡ ከም ግዳያት፡ ኣብ ልዕሌና ዝወረደ በደል ካልኣይ ግዜ ንኸይፍጸም ክንነቅሕን ንምግታኡ ዝኽእለና ሓይሊ ክንቅርብን ከም ዘለና ክንዘንግዕ የብልናን። ኣብ ልዕሊ ንጹህ ህዝቢ ዝተፈጸመ ግፍዒ፡ ኣረሜንነትን ድሕረትን ጸላእቲ በቲ ሓደ፡ ጽንዓትን ዘይጸዓድ መንፈስን ህዝብና ከኣ በቲ ካልእ ጫሕ ኣቢሉ ዘርኣየ ፍጻመ እዩ። እቲ ንምርዓድናን ዕጥቅና ንምፍታሕን ዝተሓለነ ግፍዒ፡ ብጽንዓትና ተመኪቱ'ኳ እንተ ኾነ፡ ደጊም "መዓትና ኣሕሊፍና ኢና" ኢልና ክንዛነ የብልናን። እትጸልኦ ነገር ብምጽላእ ወይ ብምርሳዕ ጥራይ ኣብ ልዕሌኻ ደጊሙ ከም ዘይወርድ ክትገብሮ ኣይትኽእልን ኢኻ። ነቲ ዘይንደልዮ ነገር ብንቕሓት፡ ብትኩርነትን ብምሕያልን ኢና ክንገትኦ እንኽእል።

ዘውደ ረታ ዝተባህለ ኢትዮጵያዊ ደራሲ፡ ኣብቲ "የኤርትራ ጉዳይ" ዝብሃል ብኣምሓርኛ ዝሕተሞ መጽሓፍ፤ "ኣብ እዋን ፌደረሽንን ምሉእ ሓድነትን ብሓባር ኣብ ዝነበርናሉ ኣርብዓ ዓመታት፡ ንሕና ኢትዮጵያውያን ኣብ ልዕሊ ኣሓዋትና ኤርትራውያን ዝፈጸምናዮ ዝኾነ በደል ከም ዘየለ ክንርስዕ የብልናን፡ " ክብል ጽሒፉ ኣሎ። ብኽሕደት ዝድምሰስ በደል የለን። 'ወቓዒ እንተ ረስዐ፡ ተወቃዒ ነይርስዕ' ከም ዝበሃል ንሕና ኣይንርስዖን ኢና። ኣብ ልዕሌና ዝተፈጸመ ግፍዒ "ኣይረሳዕናዮን" እንብል፡ ረሲዕና ስለ ዘይንኽእል ወይ ኣእምሮና ፍሉይ ናይ ምዝካር ክእለት ስለ ዘለና ኣይኮነን፣ ነካሳት ስለ ዝኾንና'ውን ኣይኮነን፣ ክንርስዮ ከም ዘይብልና ስለ ዝወሰንና ጥራይ እዩ። ጉዕዞና ክቓንዕ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኵነት ሳዕቤናት 'ምዝንጋዕ' ዘይምዝንጋዕ። ስለዚ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ብግዛእቲ ዝተፈጸመ ግፍዒ ንኸይድገምን ክውገድን ምእንቲ ብወለዶታት ከም ዝፍለጥን ዝዝከርን ምግባር መሰረታዊ'ዩ።

***



ኣቶ ዘርእሰናይ ዓንደብርሃን



ኣቶ መለስ ንጉስ



ኣቶ ግደይ ገብረሚካኤል



ኣቶ መስፍን ተስፋይ

# ምልክታት

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ወ/ሮ ትምኒት በርሀ ከፈሉ፡ ብዋል ቤተይ በየን ተስፋዝጊ ተስፉ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቅና ደማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ዑቕባ ገብረሚካኤል፡ ሃና ኣማኑኤል ገብረሚካኤል ናይ ወክልና ምስራዝ ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ን14/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ እጋብእያ ቁ.49 ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምኻኑ ነፈልጥ፡፡

ወ/ሮ ወይኒ ኤርሚያስ ገብረክርስቶስ፡ ኣቦና ኤርምያስ ገብረክርስቶስ ገብረመስቀልን ኣዴና ሓዳስ ወልደትንሳኤ ወልደሩፋኤልን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

ኣለም ተወልደ ገብረማርያም፡ ተጸዋዕቲ ሳምራዊት ፍስሃ ፍሩይ፡ መብራህቶም የማነ ገብረሚካኤል፡ ናይ ምዝዛትትት ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ን20/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምኻኑ ነፈልጥ፡፡

ብፍ/በ/መሳል ትብለጽ ክፍለየሱስ፡ ወከል ተኸስተ ሰለቡ፡ ብፍ/በ/ዕዳ ወረ/ፍ ኣሕመድ ቁስመላህ ዝኾኑ ሑርያ መሓመድ +8 ከምኡ'ውን ወረ/ፍ መሓመድ ኑር ቁስመላህ ዝኾኑ ሰዑዲ ኣሕመድ +6 ንፈጸሚ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን14/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.33 ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምኻኑ ነፈልጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ዕዳጋ እኽሊ

ሰላማዊት ግርማይ ተስፋሚካኤል፡ ኣደይ መድህን ተስፋዝጊ ወልደማርያም ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 21/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ሰላማዊት ግርማይ ተስፋሚካኤል፡ ኣቦይ ግርማይ ተስፋሚካኤል ሞናሽ ስለዝዘተሰወኡ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 21/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ወ/ሮ ሰናይት የሴፍ ተኽለ፡ ብወከል ወ/ሮ ቅድስቲ ወልደኣብ ገብረሚካኤል፡ ሓትነይ ፍ/ሄር ርግበ ወልደኣብ ገብረሚካኤል ኣብ ዳዕሮ ጳውሎስ ኣብ ፓርሰል D ሎት 30 ዝርከብ ኣብ ሚ/መ/ማ ኣትብቦን ክፍሊ መሬት ጨ/ሚ መማአ ዞባ ማእከል ብመ.ቁ.000287 ቁ.መለለዪ መሬት 0344 ብስማ ዝተመዝገበ ስፍሓቱ 500 ት/ሜ ሰሩሕ ገዛ ብሰነዋ ስለዝሰወትኪ ክጽደቐለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ እምባደርሆ

ደጀን ኪዳነ ተኽለ ምባል ተረፉ፡ ጊላይ ኪዳነ ተኽለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ተስፋኣለም ጸጋይ ማና፡ ብዋል ቤተይ ናዝሬት ተስፋጋብር ኣማንዝጊ ስለዝዋረፈት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቃ ደማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሓደንት ፍስሃ ደባሱ፡ ስም ኣደይ ሸዊት ደርጋኣለም ገብረገርግሽ ምባል ተረፉ፡ ሸዊት ደርጋ ገብረገርግሽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ኑብያት ኣማረ በላይ ምባል ተረፉ፡ ሸዊት ኣማረ በላይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኤደን ግርማይ ገብርኣብ፡ ኣቦይ ግርማይ ገብርኣብ ዘወልደማርያም ስለዝዘተሰወኡ፡ ኣነ ምስ 1 ሓወይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ወ/ሮ ሄለን ተኽለይ መከተ፡ ብዋል ቤተይ ኣቶ ኣንበሳ ተማሰገን ተስፋሰላሴ ስለዝዘተሰወኡ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1 ወዱ ደማ ወራሲ ምኻኑ ይረጋገጸሉ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

በረኸት ተስፋኣለም ዓንደጼን ምባል ተረፉ፡ ናትናኤል ተስፋኣለም ዓንደጼን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ወ/ሮ ሉቱ እንቋዕ ወልደኪዳን፡ ብዋል ቤተይ ቀሺ ጸጋይ ገብረሂወት ተስፋይ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1 ጓሉ ደማ ወራሲት ምኻና ይረጋገጸላ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

ዓወት መብራህቱ ገብረወልዲ ምባል ተረፉ፡ ዓወት ብርሃ ገረዝግሔር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ጺጋ ወልዱ ወልደየውሃንስ ምባል ተረፉ፡ ጺጋ ወልዱ ሃንስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

መሓመድ ያሲን ዓብደላ ምባል ተረፉ፡ መሓመድ ያሲን ዓብደላ ኢብራሂም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ተኽኣ መብራህቶም ሰዩም፡ ኣደይ ፍትገይ ገብረማርያም ገብሩ ስለዝዋረፈት፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ጥራይ ወራሲት ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ግደይ ገብረንጉስ መኻሽ፡ ብዋል ቤተይ ዓንደም ገብረስላሴ ኪዳነ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1 ጓሉ ደማ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወራሲት ምኻና ይረጋገጸላ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጾሮና

ከሳሲት ትዕግስቲ መብራህቶም፡ ተኸሳሲ ብዋል ቤተይ ዑቕባሃንስ መለስ ገዛኢ፡ 6 ዓመት ደሃይ ስለዘይብሉ ይጸወኣለውይ ስለ ዝበለት፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን25/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኻኑ ነፈልጥ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ከሳሲ ሚካኤል ኺላ ጆርጆ፡ ወኪል ቪቶሮ ኺላ ጆርጆ፡ ተኸሳሲ ሚካኤል ርእሶም ኣልኣዛር ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን6/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኻኑ ነፈልጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ገብረስላሴ ባህታ ኣስገዶም ምባል ተረፉ፡ ገብረኢየሱስ ባህታ ኣስገዶም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ፍኖሪ ሰመረኣብ ተወልደ፡ ብዋል ቤተይ ሽሻይ የማነ ሳህሉ፡ 12 ዓመት ደሃይ ስለዘይብሉ ይጸወዓለይ ስለ ዝበለት፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን4/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኻኑ ነፈልጥ፡፡

ኮኾብ ጸጋዶ ኣፈና ምባል ተረፉ፡ የውሃንስ ጸጋዶ ኣፈና ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ዑቕባይ ኪዳነ ወልደጋብር፡ ወለደይ ኪዳነ ወልደጋብርን ሉተኺዳን ተስፋሚካኤልን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ምስ 8 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ቀደሽ ተስፋልደት ካሕሳይ ምባል ተረፉ፡ ቅዱሻት ተስፋልደት ካሕሳይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኮኾብ ኣብርሃለ ፍስሃ ምባል ተረፉ፡ ቢንያም ኣብርሃለ ፍስሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሰምሃር ፍትዊ መብራህቱ ምባል ተረፉ፡ ሰምረት ፍትዊ መብራህቱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ወ/ሮ ታቦቱ ወ/ሚካኤል የውሃንስ፡ ብዋል ቤተይ ሚህደር ተምሃዎ ጀምዕ ስለዝዘተሰወኡ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቅና ደማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ የሃና ፍስሃ ምሕረትኣብ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ያቆብ ገብረሚካኤል ዑቕባይ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን13/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኻኑ ነፍልጥ፡፡

ሳልም በሽር መሓመድ ምባል ተረፉ፡ ኣይመን በሽር መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ዐመር ኢብራሂም መሳ ምባል ተረፉ፡ ዓምር ኢብራሂም መሳ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ሰላም ዓንደማርያም ተኽለሃይማኖት፡ ብዋል ቤተይ ረዘነ እዮብ ኣስፍሃ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ደማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከድጃ ማሕሙድ ዐመር፡ ስም ኣደይ ጀምዕ ዐመር መሓመድ ምባል ተረፉ፡ ጀምዓ ዐመር መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንሱራ

መሓመድ ዐሰማን ኢድሪስ ምባል ተረፉ፡ መሓመድ ዐሰማን መሓመድኢድሪስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

መርያም መ/ዐሰማን ማሕጁብ ምባል ተረፉ፡ መርያም ዐሰማን ማሕጁብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ዓሊ ዓብደላ ዓሊ፡ ናይ ወላዲተይ ፍ/ሄር ፋጥና እድሪስ ዓብደላ ዝበረ ናይ ደኳን ልቓንሳ ብቑጽሪ ፍቓድ BG-0200498 NINO-73-00-296 ዝኾነ ልቓንሳ ብስማ ተመዝጊቡ ዝርከብ፡ ናብ ስመይ ክሰጋገረለይ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ከሳሲት ወ/ሮ ኣሶሉ ፍስሃ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ምሕረትኣብ ዘርእሰናይ ገብረኪዳን፡ ናይ ሰሸል ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን11/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኻኑ ነፍልጥ፡፡

ሕሉም ኪዳነ ቀላቲ ምባል ተረፉ፡ ዕለም ኪዳነ ቀላቲ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ለላ ከኒ ኣልኣዛር ምባል ተረፉ፡ የሳን ከኒ ኣልኣዛር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሻምብቆ

ኣቶ ሃብቶም ተስፋዝጊ ወልደትንሳኤ፡ ስም ኣደይ ፍቓዱ ኣብርሃ መንግስቱ ምባል ተረፉ፡ ፍቓዱ መንግስቱ ኣብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣፍዓበት

ኢብራሂም መሓመድ ዑመር ምባል ተረፉ፡ ኢብራሂም ማሕሙድ ዑመር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ን24/3/25 ይቕረብ፡፡

ኣነ ዓዓጊት ኣስቴር ገብረመስቀል ሃብተስላሴ ዝተበሃልኩ፡ ምስ ሽያጢት ወ/ሮ ምከኤለት ንጉር ዋርሳይ ኣብ መንግና ብዘበርናዮ ሙተኣማመኒ ሰነድ መሸጣ፡ ኑቲ ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ ን/ዞባ ከረን ከባቢ 04፡ ዞን 3፡ ጉደና 634፡ ዚፕ ኮድ 6K-1387 ፕሎት 281፣ ፓርሰል POP281፡ ብመለለዪ ቁ.ንብረት 6BRKRN001080 ዝተመዝገበ ገዛ፡ ስፍሓቱ፡ 195.93 ት/ሜ ዝኾነ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ) ዝዓደግኩዎ፡ ብመሸጣ ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂልሉ እንተኾይኑ) ሒዙ፡ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ዞባ ዓንሰባ ይቕረብ፡፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጅናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ከፈጽም ምኻነይ እሕብር፡፡

ኣስቴር ገብረመስቀል ሃብተስላሴ

ብስም ዛይድ ኪዳነ ገብረስላሴ ዝተመዝገበ፡ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00039122 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማ/ከተማ ጎደና ናቕፋ ቁ.ገዛ 220 ዝርከብ ናይ መሸጥን መዓረይን ኤለክትሮኒክስ ኣቑሑት ትካለይ ንኣቶ ተኽለኣብ ጸጋይ ኣርኣያ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገዛ ባንዳ ጎደና ሓሪና ቁ.ገዛ 2፣ ካብ ዕለት 01/01/2025 ክሳብ ዕለት 31/12/2026 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ፡፡

ዛይድ ኪዳነ ገብረስላሴ
ሕጋዊ ወኪል፡ ሃይለሚካኤል መለስ ገብረገርግሽ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣስመራ

ወ/ሮ መርሃዊት ገርማ ኣብርሀ፡ ስም ኣደይ መሳ ኑሪ ዓሊ ምባል ተሪፉ፡ መሳ ኑሪት ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋቢያ ቁ/32 ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ትዕግስቲ ሳሚኤል ሃብተ፡ ብዓል ቤተይ ቀሺ ፍስሃየ እስቲፋኖስ ቢንያም ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋቢያ ቁ/32 ይቕረብ፡፡

ኣብ መንጎ ከሳሲ ኣቶ ኣቤል ግርማይ ዳንኤልን ተኸሰስቲ ኣቶ ዘመንፈስ ተኽለማርያም፡ ኣቶ መርሃዊ ስመረ ፍስሃየ፡ ኣቶ ፍካረ ስመረ ፍስሃየ ኣቶ ስምኦን ስመረ መሓሪ፡ ኣብ ቤ/ፍ ጉዳይ ከምዘለኩም ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ዘመንፈስ ተኽለማርያም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን20/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋቢያ ቁ.35 ቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ክፍለጥ፡፡

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሰል ኣቶ ኣልኣዛር ሃይለስላሴ ተሰፍኡን ብፍ/ሰ/ዕዳ ወረ/ፍ/ለተክርስቶስ ዘርኣ ግርሙ 1. ኣቶ ኤፍሬም ሃይለስላሴ ተሰፍኡ፡ 2. ወ/ሮ ተረዛ ሃይለስላሴ ተሰፍኡ፡ 3. ኣቶ ስምኦን ሃይለስላሴ ተሰፍኡ፡ 4. ኣቶ የሰፍ ሃይለስላሴ ተሰፍኡ፡ 5. ፍ/ሄር ሃብተማርያም ሃይለስላሴ ተሰፍኡ ደቁ 5.1 ኣቶ ሳሙኤል ሃብተማርያም ሃይለስላሴ 5.2 ኣቶ ጀረሚ ሃብተማርያም ሃይለስላሴ፣ ጉዳይ ቤ/ፍ ከምዘሎ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ብፍ/ሰ/ዕዳ ን26/03/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋቢያ ቁ/35 ቕረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ክፍለጥ፡፡

ናህም ተወልደ ኣስፋው ምባል ተሪፉ፡ ናዳብ ተወልደ ኣስፋው ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋቢያ ቁ/49 ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ኣስካሉ ኣርኣያ ዘወልዳይ፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ኣከል ኣርኣያ ዘወልዳይ፡ ናይ ወህበቶ ምስራዝ ጉዳይ ስለዘሎ፡ ን25/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋቢያ ቁ/49 ቕረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ናኦሚ ኢሰያስ ጉብራይ ምባል ተሪፉ፡ ሻሎም ኢሰያስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋቢያ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ኣቤል ጉብረ ኣለማዮ፡ ኣደይ ኣዜብ ጺጋይ እስቲፋኖስ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ይቕረብ፡፡

ሮቤል ኪዳነ ሃይለሚካኤል ምባል ተሪፉ፡ ሮቤል ኪዳነ ተኸስተ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ቴድሮስ ኣብርሃ መሓሪ፡ ኣቦይ ኣብርሃ መሓሪ ኣይመት ስለዝዓረፈ፡ ንብዓልተ ቤቱ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወሉ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋቢያ ይቕረብ፡፡

ብፍርዲ በዕል ማሰል ወ/ሮ ሚካኤ ሓጎስ ኣብርሃም፡ ብፍርዲ ብዓል ዕዳ ኣቶ ምናሴ ግርማይ ተሰፋይ፡ ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን3/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋቢያ ይቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

ኣማኑኤል ያቆብ ቀለታ ምባል ተሪፉ፡ ኣማኑኤል ዘርኢያቆብ ቀለታ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋቢያ ይቕረብ፡፡

ገነት መሻሾ ባህታ ምባል ተሪፉ፡ ኣሰይ ምልእተ ግደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋቢያ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ወ/ሮ ሙሉ በርሀ ትኩእ፡ ብዓል ቤተይ እዮብ ክፍለዝጊ ግደ ስለዝተሰውኡ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/03/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ዘርኦም ጉብራይ ምራጭ 2. ማዕርነት ጉብራይ ምራጭ 3. ናጽነት ጉብራይ ምራጭ፣ ወ/ሮ በይን ኪዳነ ካሕሳይ ብህይወት ኣብ ዘበረትሉ፡ ብዕለት 17/10/2019 ኣብ ቅድሚ ረጂስትራር ቤት/ፍ/ዞ/ማእከል ብምቕራብ፡ ብቁ/መዝ 288/2019 ዝበረትልና ለበዋ ይጽደቐልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/03/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ከሳሲት ወ/ሮ ባሀጉ ጊላይ ጉብረየሱስ፡ ተኸሳሲ ቀሺ ሃብተኣብ ማስፍን እምባዩ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን20/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

ወ/ሮ ሰለማዊት ማዝበሉ፡ ብዓል ቤተይ ብርሃነ ሃይሉ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 11 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሮቤል ባህልቢ ምባል ተሪፉ፡ ኣዶናይ ባህልቢ ክፍለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ተኽለዝጊ ወልዳይ ዘርኢጋብር፡ ሓፍተይ ሚዛን ወልዳይ ዘርኢጋብር ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/03/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ገነት ሃይለ ሓጎስ፡ ኣደይ ዑቕባማርያም ዑቕባስላሰ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ጉብሩ ጠዓመ ኣርኣያ፡ ናይ ኣሕዋተይን ወለደይን ብወህበቶ ዝተወሃበኒዎ ወርሻ ገዛ ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋቢያ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ምሕረትኣብ ኪዳነ የውሃንስ፡ ሓትነይ ኣልጋይሽ መተሃን ኣስፍሃ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 1 ሓወይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋቢያ ይቕረብ፡፡

ፈይሰል መኸስ ብርሃኑ ምባል ተሪፉ፡ ፈይሰል መኸስ ብርሃነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ይቕረብ፡፡

ዳዊት ተሰፋጼን ኢያሱ፡ ካብ ፍ/ወ/ሮ ሰላማዊት ኣርኣያ ተ/ጊዮርጊስ፡ ብዕለት 01/11/2014 ኣብ ዞባ ደቡብ መንደፈራ ብሚ/ሪ መሬትን ማይን ብመ.ቁ. 61008002184 ብመ.ቀ. (PID) A2335R0730 ዝተመርሓ ንዓይ ንኣመልካቲ ብህያብ ዝሃበትኒ ይጽደቐለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/03/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሞልቂ

ምስዮና ተሰፋሂወት ጉብረክርስቶስ፡ ኣቦይ ተሰፋሂወት ጉብረክርስቶስ ስለዝተሰውኡ፡ ኣነ ምስ 8 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ኣቶ ጸጋዬ ተኽለ ኒጋሲ፡ ብፍ/በ/መሰል ኣቶ ኣደም ዓብዱረዛቕ መሓመድ፡ ናይ መኪና ስም ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን19/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

ብስም ኣዱሊስ ስፖርት ክለብ ዝተመዝገበ፡ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00032195 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማእከል ከተማ ጎደና ጊንዳዕ ቁ.ገዛ 21 ዝርከብ ናይ ቤት መግብን መስተን ቢላርዶ ትካለይ ንወ/ሮ የማና ዑቕባይ ሃይሉ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገጀረት ጎደና ላብካ ቁ.ገዛ 37፣ ካብ ዕለት 01/06/2024 ክሳብ ዕለት 31/12/2027 ኣካርየ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ክፍለጥ፡፡

ኣዱሊስ ስፖርት ክለብ

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

እስማዒል ያቆብ ሙሳ፡ ስም ኣደይ ኸድጃ ሳልሕ ኣሕመድ ምባል ተሪፉ፡ መርየም ሳልሕ ኣሕመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ብስም ልኡል ኣብርሃ ዘወልዲ ዝተመዝገበ፡ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00000552 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማ/ከተማ ጎደና 119-2 ቁ.ገዛ 2 ዝርከብ ናይ መሸጥን መዐረይን ኤለትሮኒክስ ኣቑሑትን እንዳ መዚቓን ትካለይ፡ ንወ/ሮ ምብራቕ ሃይለሚካኤል በርሀ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ሰምበል ጎደና ሞልቂ ቁ.ገዛ -ካብ ዕለት 01/1/2024 ክሳብ ዕለት 31/12/2026 ኣካርየ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ክፍለጥ፡፡

ልኡል ኣብርሃ ዘወልዲ

ኣነ ጆሚ/ደረሰ ኣርኣያ ሙብራህቱ ዝተበሃልኩ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ፕሎት 22 ፓርሰል/ዞባ ASP00009500 ፓርሰል “C” ከብ/ዞፕ 1A119 ዕዳጋ ሓሙስ ጎደና 199-1 ቁ.ገዛ 3 ዝርከብ፡ ኣብ ሚኒ/መሬት ማይን ኣከባብን ቤ/ጽ ካዳስተር ብመለለዪ ቁ.ንብረት 1:011604/1 ብስመይን ብስም ንግስቲ ሰለሙን በራኺን ዝተመዝገበ፡ ኒቲ ብጽሒተይ ዝኾነ 3 ክፍሊ መደቀሲ፡ ናይ ሓቦር 2 ክፍሊ ዓይኒ ምድርን ሓደ መንገን ካንቸሎን ጠቕላላ ስፍሓቱ 62.94 ት/ሜ ገዛ ስለዝሸጥክዎ እሞ ናብ ስም ዓዳጊ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ (ደግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤ/ጽ ፓፕሊክ ኖታሪን ሃገራዊ ቤ/ጽ ካዳስተርን የቕርብ፡፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ፡ ኦሪጂናል ሰነድ ኣቕሪብና ጉዳይና ከፈጽም ምዃንና ንሕብር፡፡

ጆ/ሚ ደረሰ ኣርኣያ ሙብራህቱ

ኣመልካቲ ኣቶ ተኪኤ ተወልደ ባይሩ ዝተበሃልኩ፡ ኣብ ማይጭሆት ፕሎት 24 ቲራስ ፓርሰል B ንትካል ዝተዓደለኒ መሬት፡ ብቑጽሪ መዝገብ 3-0116/1195 ዕለት 6/11/1995 ዝተፈቐደለይ ምርሒት መሬት ስለ ዝጠፍኣኒ፣ ብዕዳ ሒዙዎ ዝበለ እንተሎ፡ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ብቑጽሪ ቴሌፎን 07266913 ወይ 07213579 ይሓብረኒ፣ እንተዘይኮይኑ ሓድሽ ክወሃበኒ ናብ ዝምልከቶ ኣካል ከመልክት ብትሕትና እሕብር፡፡

ተኪኤ ተወልደ ባይሩ

ብስም ኤደን ኢዮብ መንግስቱ ዝተመዝገበ፡ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00033778 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጎዳይፍ ጎደና ተጋደልቲ ቁ.ገዛ 175 ዝርከብ ናይ ዱኳንን መሸጢ ስጋን ትካለይ፡ ንወ/ሮ ዊንታ ተኽሉብርሃን ዓንደጼን፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገዛ ጣንዳ ጎደና 113-1 ቁ.ገዛ 120 ካብ ዕለት 01/01/2025 ክሳብ ዕለት 31/12/2027 ኣካርየ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ክፍለጥ፡፡

ኤደን ኢዮብ መንግስቱ

ኣነ ወ/ሮ ለምለም ተኸስተ፡ ኒቲ ኣብ ኣስመራ ምም/ን/ዞባ ጎዳይፍ ምም/ከበቢ ማይ ዓይኒ ፕሎት 116 ፓርሰል C1 ዚፕ ኮድ 1A714 ኣብ 250 ት/ሜትር ዝተደኮነ ሰለስተ ቀንዲ ክፍልታትን ክልተ ሓገዝቲ ክፍልታትን ዘጠቓልለ፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብሕጂ ቁ.ንብረት 1BRASM018809 ዝተመዝገበ፡ ወላዲተይ ሓዳስ የውሃንስ ከበደም ብወህበቶ ዝሃበትኒ ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለ ዝሸኽኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ትእዛዝ ናብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ወይ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪ እንተዘየምጽኡ፡ ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ምኻኑ ብትሕትና እሕብር፡፡

ለምለም ተኸስተ ተስፋሚካኤል

ወ/ሮ ሂወት ነጋሲ ዞሚካኤል፡ ዝተፈቕደለን ናይ ህንጻን ሕርሻን ኣቑሑት መሸጢ ንግዳዊ ትካለን፡ "ራሕቦት መሸጢ ናውቲ ህንጻን ሕርሻን (RAHBOT FERAMENTA) ተባሂሉ ክሰየመለን ስለዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምንምዝገቦ ክፍለጥ፡፡

ክፍሊ ወሻጣዊ ንግዲ



ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

# ብሉጽ ተመሃራይ

## ጽውጽዋይ

### ሳልሳይን መወዳእታን ክፋል

ድሙን ኩርኩርን ፍስሃ ዓሲልዎም ሓቝፎም ሰዓምዎ። "ዶክተር ክትከውን ድሌት እንተ ኣለካ፣ ክትከውን ትኽእል ኢኻ። እቲ ድሌት ብዘይሕለል ጻዕሪ፣ ብግዜ ዘይከማህ ዓቕሊ፣ ካብ ውሽጥኻ እንተ ደኣ ተበጊስካ፣ ከም ድላይካ ንኽትከውን ዝዓግተካ ሓይሊ የልቦን፡" በለ ኩርኩር።

"ከመይ ገይረ'ሞ ንፋዕን ብሉጽን ክኸውን እኽእል፧ ኣነ ኣዝየ ሕማቕ ተመሃራይ እየ፡" በለ ርእሱ ኣድኒኑ ቶማስ።

ኩርኩር፡ እሕሕሕ ኢሉ ጕረሮኡ ድሕሪ ምጽራግ፡ "ብቐጻሊ ዝተፈላለዩ ጽሑፋት ብዝተፈላለዩ ቛንቛ ኣምብብ። ምስ ንባብ ተመሓዘው። ብመገዲ ንባብ ሓደስቲ ነገራት ፍለጥ። ንባብ መግቢ ኣእምሮ ስለዝኾነ፡ ህይወትካ ምልእቲ ክትከውን ካብ ንባብ ኣይትፈለ። ግዜኻ ብግቡእ ተጠቐመሉ። ኣንባቢ፡ ተመራማሪ፡ መሃዚ፡ መዳሪ ኩን። ካብ ሎሚ ጽባሕ ዝበለጸ ተመሃራይ ክትከውን ኢኻ። ትህኪት፡ ናይ ሰነፋት መደገፊት ስለዝኾነት፡ ንትህኪት ኣብ ውሽጥኻ ቦታ ኣይትሃባ። ስለዚ፡ ካብዛ ካልኢት ዕዉት ተመሃራይ ምዃንካ ኣሚንካ ተበገስን። ዕዉት ተመሃራይ ክትከውን ብግብሪ ተበገስን፡" በለ።

"ኣብዛ ምድሪ ሓደ'ኳ ሕማቕ ክኸውን ዝተፈጥረ የለን። ባዕሉ ንኑብሱ ሕማቕ ምዃኑ እንተ ዘየእሚንዋ፣ ካብ ዝኾነ ሰብ ዝሰንፈሉ ኣብኑት የብሉን፡" ወሰኸት ድሙ።

"እዚ ክንብለካ ከለና፡ ምሉእ ግዜኻ ኣብ መጽናዕትን ፍልጠትን ምስ እተሕልፎ'ዩ። ዓወት ምስቶም ተሰፋ ተሓንጊጦም፣ ከይሰልከዩ መንገዳ ንምጽባቕ ዝጽዕሩ ትሰፋዋት'ያ ትጉዝጉዝ፡" በለ ኩርኩር።

ድሙ፡ ጸጕሪ ርእሱ እናዳህሰሰት፡ "ግዜ ንዝጥቀመሉ'ምበር፣ ንዝጻወተሉ ኣይክሕሰን እዩ'። ንስኻ'ውን ዕላማኻ፡ ባህግኻ ክትወቅዕ እንተ ደኣ ተበጊስካ፣ ኣብ ጫፍ ዓወት ረጊጽካ ኣለኻ ማለት'ዩ። ስለዚ፡ ምንቅስቓሳትካ እዱብን ብመደብን ይኹን። ህይወትካ ኣብ መንገዲ ፍልጠት ኣሳልያ። ኣብ መንገዲ ፍቕሪ ኣቐምጣ። ፍቕርን ፍልጠትን መንገዶም ዓወትን ሓጕስን'ምበር፡ ክሳራ የብሉን። ናይ መዓስ ኢኻ'ኸ ትመሃር፧" ኣሰዓበት።

ቶማስ፡ ርእሱ ብድንንታ ንደቓይቕ ኣጽቀጠ። "ተሰጕገ'የ ዘለኹ፡" መለሰ።

ድሙን ኩርኩርን ብኹነታት ቶማስ ኣዝዮም ጕሃዩ። ነቲ ካብ ወለዱ ተሓቢኡ ትምህርቲ ዘብኩር ዝነበረ ቶማስ፣ ናብ ቤቱ ሒዞሞ ኣተዉ። ምስ ወለዱ መምሃራኑን ተረዳዲኦም ድማ፡ ትምህርቱ ከም ዝቕጽል ገበሩ።

ቶማስ፡ ሓበን እናተሰምዖ ባህጊ ልቡ





ከስምር፣ ነታ ዝጸልኣ ዝነበረ ቦርስኡ ተኾልኪሉ፣ ናብ ቤት ትምህርቲ ተበገሰ። ኣብ ሰሌዳ ንፋዓት ስሙ ክስፍር'ውን፡ ግዜ ኣይወሰደሉን። እቶም መንገዲ ዝመርሕዎ ድሙን ኩርኩርን ነቲ ብዓይኒ ጽልኢ ዝጥምቶም ዝነበረ ቶማስ፣ ብፍቕሪ ቀረብዎን ሓብሓብዎን። ከም ቀንዲ ኣዕሩኽቱ ብምዃን ድማ፡ ኣብ ቤቱ ኣተውትን ወጻእትን ኮኑ። ኣብ'ታ ዓመት ካብ ጠቕላላ ተመሃሮ 5ይ ክፍሊ፡ 1ይ ብምውጻእ ንተመሃሮን መምሃራኑን ኣገረመ። ቡቲ ዘርኣዮ ዓቢ ለውጢ ዝተሓበኑ ወለዱ ድማ፡ ነቶም ናብ ቅኑዕ ጐደና ዝመርሕዎ ድሙን ኩርኩርን ኣብ ቤቶም ዝነብሩሉ ሰፍራ ብምስራሕ፣ ምስቲ ስድራ-ቤት ሓቢሮም ከም ዝነብሩ ገበሩ።

**ተፈጸመ!**

**መጽሓፍ፡ ብሉጽ ተመሃራይ**

**ብጆሜ/ ደጀን ተኽለ**

# ብመምህራን ፍቱዋት ክትኮኑ ትደልዩዶ?

ፍቱዋት ተመሃሮ ኾዛ ኣርእስቲ ምስ ኣንቡብኩምዋ፡ መልስኹም 'እወ!' ከምዝኸውን ርዱእ እዩ። ምኽንያቱ፡ ኵሉ ተመሃራይ ብመምህሩ ፍቱው ክኸውን ስለዝደሊ። ስለዚ፡ መምህራንና ካብ ዝፈትውዎም ጠባያት ተመሃሮ ካብቶም ብዙሓት ገለ እዞም ዝስዕቡ እዮም። ስለዝኾነ ነዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ኣኽቢርኩም ብመምህራንኩም ፍቱዋት ክትኮኑ እትስፎ። ሰናይ ንባብ!

**ግዜ ዘኽብር** ተመሃራይ እታ ቀዳመይቲ ክገብራ ዘለዎ ቀልጢፍካ ናብ ቤት ትምህርቲ ምምጻእ እያ። ደንጓዪ ሰብ ኵሉ ግዜ ፍቱው ኣይኮነን። ናብ ቤት ትምህርቲ ደንጉዩ ዝመጽእ ተመሃራይ ድማ ብመምህሩ ፍቱው ክኸውን ኣይክእልን እዩ። ስለዚ፡ ኵሉ ግዜ ናይ ትምህርትና ግዜና ነኽብር!

**ጽሩይን ጽፉፍን ምዃን፡** ረሳሕ ሰብ ፍቱው ኣይኮነን። መምህራን ድማ ንሕና ተመሃሮ ጽሩያትን ጽፉፋትን ክንከውን ይደልዩና። ኣብ ክፍሊ እንተኣስተብሂልኩም ንጽሩይን ጽፉፉን ተመሃራይ ኵሎም መምህራን ኣዝዮም ይፈትውዎ። ረሳሕ ተመሃራይ ግን ፈጺሞም ኣይፈትውዎን እዮም። ስለዚ ኵሉ ግዜ ኣካላትና፡ ክዳውንትናን ናውቲ ትምህርትናን ብጽሬት ንሓዝ። ከምዚ እንተገርና ብመምህራን ፍቱዋት ክንከውን ኢና።

**ኣብ ክፍሊ ስነ ስርዓት ዝሕብር፡** ኣብ ክፍሊ ብግቡእ ኮፍ ዝብል፡ ኣብ ክፍሊ ናብትን ናብትን ዘይብል፡ ዘይበኣስ፡ ዘይጻረፍ ተመሃራይ. . . መምህራን ኣዝዮም ይፈትውዎ። ስለዚ ብመምህራንና ፍቱዋት ክንከውን፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ስነ-ስርዓት ገይርና ንመሃር።

**ኢዱ ሓፍ ኣቢሉ ዝሓትትን ዝምልስን፡** ተመሃራይ ኢዱ ሓፍ ኣቢሉ ክሓትትን ክምልስን ኣለዎ። እዚ ድማ ኣካል ናይ ስነ-ስርዓት ኮይኑ መምህራን ኣብ ዝሓቱና ግዜ ወይ ኣብ እንሓተሉ ግዜ ኢድና ሓፍ ኣቢልና ክንሓትት ይግበኣና። ከምዚ እንተገይርና ብመምህራን ፍቱዋት ክንከውን ንኽእል ኢና።

**ምስ ደቂ ክፍሉን ደቂ ቤት ትምህርቱን ዝተሓባበር፡** ምትሕግጋዝ ኣካል ባህልና እዩ። ስለዚ ንሕና ተመሃሮ ድማ ኣብ ቤት ትምህርትና ምስ ዝርከቡ ኣሕዋትና ተመሃሮ ብሰኒትን ፍቕርን ክንመላለስ ይግበኣና። ተሓጋጋዚቲ ክንከውን ድማ ኣዝዩ ጽቡቕ እዩ። መምህራንና ካብቲ ብዙሕ ግዜ ዝመኽሩና ክንተሓጋገዝ እዩ። ስለዚ ንሕና ተመሃሮ እንተተሓጋጊዝና ብመምህራን ፍቱዋት ኢና።

**ዕዮታቱ ባዕሉ ዝሰርሕ፡** ተመሃራይ ተመሃራይ ዘብሎ ኣብ ትምህርቱ ተገዳስነት ምስ ዝህልዎ እዩ። መምህራን፡ ዕዮ ክፍሊ፡ ዕዮ ገዛኡ፡ ፈተናኡ፡ ፕሮጀክቱ . . .ባዕሉ ዝሰርሕ ተመሃራይ ኣዝዮም ይፈትውዎ። ስለዚ፡ ፍቱዋት ክንከውን ወትሩ ዕዮታት ትምህርትና ባዕልና ንስራሕ።

**ዘይሕሱ፡** ሓሶት ሕማቕ ልምዲ እዩ። ዝሕሱ ሰብ ዝኣምኖ የብሉን። ዝሕሱ ሰብ ዝቐርቦ ሰብ የለን። መምህራንና ደጋጊሞም ሓቂ ክንዛረብ ይምዕዱና። ስለዚ፡ ብመምህራንና ፍቱዋት ክንከውን ወትሩ ሓቂ ንዛረብ። ንግዚኡ ክጥዕመና ኣይንሓሱ።

**ዘይንብረቱ ዘየልዕል፡** ስርቂ ነውሪ እዩ። ሓደ ሓደ ግዜ ተመሃሮ ዘይንብረትና ነልዕል ኢና። እዚ ድማ ስርቂ እዩ። ዝሰርቕ ሰብ ኣብ ሕብረተሰብና ፍንፉን እዩ። ንፉዕ ተመሃራይ ዝረኸቦ ንብረት ንመምህሩ የረክብ። ከምዚ ዝገብር ተመሃራይ ድማ ብኹሉ ሰብ ፍቱው ይኸውን። ስለዚ ብመምህራንና ፍቱዋት ክንከውን ዘይንብረትና ኣይነልዕል። ወዲቑ ዝረኸብናዮ ንብረት ድማ ንመምህራንና ነረክቦ።


**ስለዚ፡** ብመምህራንና ፍቱዋት ክንከውን እዞም ኣብ ላዕሊ ዝዘርዘርናዮም ነጥብታት ነዘውትር።

**ምስጋና ኪሮስ**

# ግድል

ፍቱዋት ተመሃሮ እዛ እትርእይዋ ዘለኹም ሶኬት ናይ ኤለክትሪክ ሒዛ ኣላ። በዘን ተዋሂበን ዘለዋ ሶኬታት ኣብ ሓደ ግዜ ክንደይ ሞባይል ቻርጅ ክንገብር ንኽእል።

ኣብ ግምት ከተእትውዎ ዘለኩም መጀመርታ ናብ ናይ መንደቕ ሶኬት ክትሰኽዑ ምዃንኩም ኣስተውዕሉ!! ስለዚ መልሲ ናባኹም።



# ሲ.ኤፍ.ኣይ. (CFA) ፍራንክ

## ዛንታ ባጤራዊ መግዛእቲ ማእከላይን ምዕራብን ኣፍሪቃ

ዛዕባ ሎሚ

ሄርሞን ሃብቱ
ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ

(4ይ ክፋል)

ኣብ ምስሳይ ሓድሽ መግዛእቲ ኣብ ኣፍሪቃ፡ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ቴክኖሎጂያውን መሳርሒታት ጥራይ ኣይኮኑን ክጥቀሱ ጸኒሖም ዘለዉ። ኣብ ብዙሓት ሃገራት ገዛእነታዊ ልኡላውነት ከይረጋገጽ ዝጸንሐ ማሕንቖታት ኣርዑት ባጤራዊ መግዛእቲ እውን ርእሱ-ዝኽኣለ ናቱ ቀያዲ ሓይሊ ኣለዎ። እዚ ብተኸታታሊ ዝቐርብ ዘሎ ትንታኔኣዊ ጽሑፍ ኣብ መንጎ ገዛኢት ፈረንሳን ግዙኣታ ዝነበራ ሃገራት ምዕራብን ማእከላይን ኣፍሪቃ ዝጸንሐን ዘሎን ስምምዓትን ድሕረ-መግዛእታዊ ሓድግታቱን ንሱ ዘስዕቦ መዛዙቱን ዝድህስስ'ዩ።

***

ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ጽሑፍና ዓብላልነት ዶላር ንቁጠባ ኣመሪካ ዘለዎ ረብሓ ርኢና። ብተመሳሳሊ ፈረንሳ ካብ ሲ.ኤፍ.ኣይ. (CFA) ፍራንክ እትረኽቦ ረብሓታት እውን ተመልኪትና።

ዓብላልነት ዶላር ኣብ ቁጠባ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ፖለቲካዊ ረብሓ እውን ይውዕል እዩ። ተጻረርቲ ሃገራት ብናይ ዶላር ማሕንቖ ፖለቲካዊ ዲፕሎማስያውን ቁጠባውን በይኑኣዊ እገዳታት ይግበረለን። ዶላር፡ ኣመሪካ ኣብ እተኻይዶ ክልተኣውን ብዙሓውን ርክባት ከም ኢ'ውን ኣብ ምጽናዕ እገዳታት እሙን ዋሕስ እዩ። ስለዚ ዓለማዊ ዲፕሎማስያዊ ርክባት፡ ኣብ ትሕቲ ምቁጽጻር ሓይሊ ባጤራ ዶላር ወዲቑ ጸኒሑ ኣሎ። ሓይሊ ዶላር ናይ ወጻኢ ወፍርታት ኣንፈቱ ናብ ቁጠባ ኣመሪካ ገጹ ጥሪት ክፍስስ ዘገድድ ውሳኔ ብልጫታት ጸኒሑዎ እዩ። ቦንድታትን ምቅሊትን ኣመሪካ ኣብ ናይ ወጻኢ ወፍርታት ዓቢ ጠመተ ክረኽቡ ዶላር ውሕስነቱ የረጋግጸሉ። ዶላር ኣብ ዝበዝሓ ሃገራት መተካእታ ዘይተረኽቦ ዓቢይ ተጠቃሚነትን ውሕስነትን ዘለዎ ኮይኑ ጸኒሑ። ሃብቲ ናይ ዝተፈላለያ ሃገራት ኮይኑ፡ ኣብ ውሑስ ማዕከን ገንዘብ ይዕቀብ።

እዚ ብምምዝማዝ ኣመሪካ ብዙሕ ዶላር እና ኣሕተምቲ ናብዞን ሃገራት ትሰድድ። እዚ መሳርሒ ንግድ ገንዘብ ብገንዘብ ከኣ ኣመሪካ ዝያዳ ክትረብሓሉ እትኽእል ኣገባብ ዓለማዊ ንግዳዊ ልውውጥ ኮይኑ ኣሎ። ዋላ'ተን ቀንዲ ንግዳዊ መቐናቕንቲ ኣመሪካ ተባሂለን ዝፍለጣ ሃገራት ቻይና፡ ሩሲያ፡ ህንዲ፡ ብራዚል፡ ደቡብ ኣፍሪቃን ኢራንን እውን ብጠራ ዶላር ኣመሪካ ተማእኪለን'የን




ኣህጉራዊ ንግዳዊ ልውውጥ ከካይዳ ጸኒሐን። በዚ ድማ ኣመሪካ ዓበሊላ ንኽትወጽእ፡ ዶላር ዓቢ ተራ ተጻዊቱ እዩ። ኣመሪካ ብክብሪ ዶላር ተሓጊዙ ብስማዊ ሕሰር ዋጋታት ተደሊዩ፡ ጥረ ነገራት እታው ክትገብር ትኽእል።

ዶላር ኣመሪካ ኣብ ኣህጉራውያን ማእከላይ ባንክታትን ፈናንሳዊ ትካላትን ከም ቀንዲ ዓለምለኻዊ ትሕዝቶ ኮይኑ'ዩ ዝቕመጥ። እዚ ዓይነት ብልጫ፡ ልዑል ተደላይነት ዶላር ኣብ ኣህጉራዊ ንግዳዊ ልውውጥ የረጋግጽ። ዳርጋ ኩሉ ዝዓበየ ኣህጉራዊ ንግዳዊ ርክባት ብመእከልነት ዶላር'ዩ ዝፍጸም። በዚ ምኽንያት፡ ዝኾነት ትኹን ሃገር ካብ ኣመሪካ መቕጻዕቲ ወይ በይኑኣዊ እገዳታት ክወርዳ እንከሎ ከቢድ ቁጠባዊ ብድሆታት ፈንጂጋ ክትሓልፍ ትግደድ። ምኽንያቱ ዝኾነ ብጠቕላላ ክፍሊት ዝፍጸም ኣህጉራዊ ንግዳዊ ልውውጥ በቲ ኣብ ፈደራላዊ ማዕከን ሕሳብ ኣመሪካ ዝርከብ ናይ መተሓላለፊ ባንክታት ተማእኪሉ ስለዝካየድ። ሃገራት ናጻ ማሳርሒ ተኸቲለን ዕዉት ንግዳዊ ልውውጥ ክገብራ የጸግመን። ኣመሪካ ዝኣገደቶ ኣካል፡ ጸብጻቡ ናብ ቤት ጽሕፈት ቁጽጽር ወጻኢ ንብረት ክፍሊ ትረዠሪ ኣመሪካ ብምቕራብ ዝተጠረቐመ ሕሳባት ከም ዝድስከል ይግበር። ንኣብነት፡ ኩናት ዩክረይንን ሩሲያን ብ2022 ድሕሪ ምውልዑ ኣሳብቡ፡ ብቁጠባ ዝበልጸጋ ሃገራት ኣመሪካን ኤውሮጳን ( ጂ-7) ኣብ ትሕቲ ባንክኣዊ ቀጽጽር ሃገራት ኤውሮጳ ብእምነት ተቐሚጡ ዝርከብ ኣስታት $300 ቢልዮን ናይ ሩሲያ ሕሳብ ኣየሰኪለንኦ ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብቲ ኩናት

ንዩክረይን ዝወረዳ ከቢድ ቁጠባውን ንዋታውን ክሳራታት ብቐመጥ ገንዘብ ሩሲያ ገይረን ከኩሕሕኦ ዝብል ሓሳባት እውን ኣቕሪበን። እንተኾነ እዚ ተርእዮ'ዚ

በቲ ካልእ ሸነኽ ኣብ ልዕሊ ዶላር ሰሪጹ ዝጸንሐ እምነት ዝቐንስ እዩ።

ካብዚ መጽዓሪ ኣቢሉ ብምብጋሱ፡ ኑቲ ከም ድልዱል ባጤራ ኣብ ዓንኬል ግዝኣት ፈረንሳ ዝዓዪ ባጤራ ፍራንክ እውን ንፈረንሳ ዝዋ ልዒሉም ተዘርዚርዎም ዘለዉ ተመሳሳሊ ረብሓታት ከረጋግጸላ ክኢሉ ኣሎ። ዚ ውድዓዊ ተርእዮ ምርኩስ ብምግባር፡ ሓለፋታት ፈረንሳ፡ ኣብ መዳይ ቁጠባዊ ልውውጥ እታውን ሰደድን ዝተሓጸረ ጥራይ ኣይኮነን። በቲ መሰረት መሰረት፡ ፈረንሳ ኑተን ትገዝአን ዝነበረት ሃገራት፡ ካብ ጉጅለ ርእሱማለን ገንዘብ ብምስላዕ ናይ ልቓሕ መደብት ተተግብር። ካብቲ እትህበን ልቓሕ ብዝርከብ ወለድ ፈናንሳዊ መኽሰብ ድማ ተረብሓት ትኸውን። ኣብቲ ፈናንሳዊ ኣገባብ ብዘለዋ ፍጹም ሓይሊ ድማ ንፖለቲካዊ መጋበርያታትን ስርዓት-መንግስቲ ንምቕያርን ዝተፈላለዩ ጸቕጢታት ንምውራድን ትጥቀመሉ።

ብተወሳኺ፡ ካብቲ ፈረንሳ እትሰልዓለን ልቓሕ፡ መንግስቲ ፈረንሳ ጥራይ ኣይኮነን ፈናንሳዊ ትርፊ ዝኸዕብት። እታ ሃገር እትውንነን ዝተፈላለያ ናይ ብሕቲ ኩባንያታት እውን፡ ተቓጻሪ ዘይብሉ ጥጡሕ ናይ ስራሕ ኮንትራክት ንምርካብ ዘኽእለን ርሒብ ዕድላት ተገጺፈለን። ፈረንሳ ንዝነበራ ግዝኣታታ ካብ ገዛእ ገንዘበን እትምጥወለን ልቓሕ፡ መዓልኡ ኣብቲ ንዓበይቲ ኩባንያታት ፈረንሳ ዘርብሕ ዓውዲታት'ዩ ዝውፈር። ንኣብነት፡ ኣብ 2017፡ Bouygues, Keolisን Alstomን ዝተባህላ ትካላት ፈረንሳ፡ ኑቲ ናይ ኣስታት 1.4 ቢልዮን ኤሮ ካብ ፈረንሳ ልቓሕ ዝረኸበ መገዲ ባቡር ኣቢጃን፡ ንኣገባብ ምሕደርኡን ህንጻቱን ብዘምልከት፡ ዝበን ዝተጠቕሳ ትካላት ምሉእ ሓላፍነት ተዋሂቡወን ነይሩ። ስለዚ ቁጠባዊ ስትራተጂያዊ ረብሓታት ነበር ግዝኣታት ፈረንሳ (ዞባ ፍራንክ) ኣብ ፈለማ መድረኻት ፈረንሳ ጥራሕ ንበይና ቁጠባዊ መኽሰብ እተሰስነሉ ሕሩም-ሕዛእቲ'ዩ ኮይኑ ጸኒሑ። ድሕሪ ምምስራት ሕብረት ኤውሮጳ ድማ ንኤውሮጳውያን ትካላት ኣዝዩ ርሒብ ዕድላት ዝፈጥር ተርእዮ ኮይኑ ይርከብ።

እተን ነበር ግዝኣታት ምስ ፈረንሳ ተጉዲደን ዝኣተዋኦ ውዕል፡ ናይ ምትሕግጋዝ መንፈስ ዘለዎ ኣይኮነን። እቲ ግዱድ ውዕል፡ ንልኡላውነት ነፍሲ-ወከፍ ኣብ ትሕቲ ፈረንሳ እትግዝእ ዝነበረት ሃገር ዝጥሕስ ውዲት እዩ። ብመሰረት "colonial pact" ሃገራት ምዕራብን ማእከላይን ኣፍሪቃ ወግዓዊ ፖለቲካዊ ናጽነት እኳ እንተረኸባ፡ ኩሉ ኣገዳሲን ወሳኒን ሃገራዊ ትካላት፡ ኣብ ትሕቲ ቀጽጽር ፈረንሳ

ምሉእ ብምሉእ ዝዘወር ናብ ዳግማይ-መግዛእቲ ዘሲጋግር መንጠሪ ባይታ'ዩ ኮይኑ ጸኒሑ ዘሎ። እቲ ማሰርሕ፡ ነታ ሃገር ኩሉ መዳያዊ ረብሓን ካዕባትን ከተሰስን ኣኽኢልዋ ኣሎ። እዚ ዓይነት መዞምዚ ኣካይዳዚ፡ ኣብ ፈናንሳውን ቁጠባውን መዳያት ጥራይ ዘይኮነስ፡ ፖለቲካዊ ቀመና ፈረንሳ ኣብ ኣህጉራዊ መድረኻት ደሚቑ ንኽርኣ ዝዓበር ዘሎ ተጠቃሲ ረቛሒ እዩ። እታ ሃገር ካብ ነበር ግዝኣታታ ብኣዝዩ ትሑት ክፍሊት እታው እትገብሮ ስትራተጂያውያን ጸጋታት ማዕድናትን ጥረ-ነገራትን (ዩራንየምን ነዳዲን)፡ ፈረንሳ ከም ሓያል ሃገር 'great power' ብምኻን ዓለማዊ ክብሪ ክትጎናጸፍ ኣኽኢሉዋ እዩ።

ምሁር ፖለቲካዊ ስነ ፍልጠት ዝኾነ ሆሪስ ካምቤል "ብዘይ ናይ ኣፍሪቃ ጸጋታት፡ ሓይሊ ፈረንሳ ከም ሃገረ ኣስትርያ ኣዝዩ ደኒቱን ንእሽቶን ምኾነ" ብምባል ይገልጾ። ኣብ ሃብታማት ሃገራት ብውሑድ ዋጋን ጥራሕ ዝርከብ ስትራተጂያዊ ማዕድን ዩራንየም፡ ኣብ ምድንፋዕ ኢንዱስትሪ ፈረንሳ ኣዝዩ



ውሱኒ ተራ'ዩ ዘለዎ። ብኣንጻሩ፡ ኑቲ ስትራተጂያዊ ማዕድናት ብዘቕለለ ኣገባብ ንምርካብ ቀጻልነት መታን ክህልዎ፡ ፈረንሳ ፖለቲካውን ፈናንሳውን ምኽንያታት ከም መሳርሒ ጸቕጢ ብምጥቃም፡ ንሃገራት ምዕራብን ማእከላይን ኣፍሪቃ ቀጻሊ ቀይድታት ክትገብረለን ትርኣ።


ፈረንሳ ቀጻልነት CFA ፍራንክ ንምውሓስ ካብ እትጥቀመሉ ካልእ ዝዓበየ ረቛሒ፡ ኣብ ትሕቲ ጽላል ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዘለዋ ናይ ቀዋሚ ሓይሊ እዩ። ኑቲ ናይ ቀዋሚ ሓይሊ ተጠቒሙ ኣብ ትሕቲ ጽላል ውድብ ሕቡራት ሃገራት ብዝዕባ ነበር ግዝኣታታ ኣብ ቁጠባውን ካልእን መዳያት ኣብ ዝምልከት ዝርርብን ዝሓልፍ ውሳኔታትን ብዘለዓለ ኣድ ክትፅንቅቕ ወይ ክተሰናኽል ትኽእል። በዚ ዓይነት ኣገባብ፡ ንማሰርሕ ልውውጥ ባጤራ ናይተን ነበር ግዝኣታት ብዘላቕነት ትቆጻጸሮ። እቲ ካልእ መቈጻጸሪ ማሰርሕ፡ እቲ ፈረንሳ ኣብ ልዕሊ ኩለን ነበር ግዝኣታት ብጥንቃቐን ብስፊሕን ኣገባብ ከተካይዶ ዝጸንሐት ወተሃደራዊ ወፍሪን ምደኳን ቀዋሚ ወተሃደራዊ ህላወን ቀጽጽርን ዝፈጥሮ ሃዋህው'ዩ። እቲ ወተሃደራዊ ወፍሪን ምደኳን ቀዋሚ ወተሃደራዊ ህላወን ቀጽጽርን ዝፈጥሮ፡ ፈረንሳ ነተን ነበር ግዝኣታት እትውስነለን ጉዳያት ክቕልስ ጸኒሑን ኣሎን። ካብ 1960 ክሳዕ 1991 ንኣብነት፡ ድሕሪ ኩብ ስዒብ ፈረንሳ'ያ እቲ ዝዓበየ ቁጽሪ ዘለዎ ወተሃደራዊ ወፍርታትን ብዙሒ ወተሃደራትን ናብ ግዝኣታት ኣህጉር ኣፍሪቃ ኣዋፈረ። ቁጠባዊ ረብሓታት ንምሕላው፡ ሃገራዊ ልኡላውነት ናይ 16 ነበር ግዝኣታት ብምግዛስ፡ ኣስታት 40 ወተሃደራዊ ምትእትታዋት ኣካይዱ።

ፈረንሳ ኣብ ሰኔጋል፡ ኣይቨሪኮስት፡ ጫድ፡ ጋቦን፡ ቡርኪና ፋሶ፡ ማሊን ኒጀርን ቀወምቲ ወተሃደራዊ መዓስከራት ደኲና'ያ። ከም ኡ'ውን ንወተሃደራዊ ትካላት ዞባ ፍራንክ፡ ብዘተዋወሪ ማሰርሒ ሃገራዊ ድሕነት ፈረንሳ ንምሕላው ዘገልግል ናይ ካድረታት ስልጠናን ደገፍን ኣብ ምውዳድ ጸኒሓ።

ሓያላን ሃገራት ኣብ ልዕሊ ነበር ግዝኣታት ስትራተጂያዊ ረብሓታተን ንምውሓስ ዝፈጠርኦ ዘለዋ መሳኖኽሎትን ንሱ ዘውርዶ ዘሎ ጸገማትን ከጆ ምዝመዛ ዝሓልፍ'ዩ። ሃገራት ኣፍሪቃ ኣብ ጉዳይ ሸሻዮን ናይ ቀረባ ርሑቕ ኣማዕደውቲ ኮይነን ይርከባ። ፈረንሳ፡ ዝተፈላለዩ ምስምሳት ብምፍጣር፡ ካብ ነበር ግዝኣታታ ዝምንጨዉ ቁጠባዊ ረብሓታት ናብቲ ንሳ እትውንኖን እተንቀሳቕሶን ካዝናታት ማእከላይ ባንክ ጓሪታ ከተግዕዝ ጸኒሓ ኣላ። በዚ መሰርሕ ኣቢላ ኣስታት 85% ካብ ዓመታዊ ባጀት ናይ ነፍሲ-ወከፍ ነበር ግዝኣት ዝተፈላለየ ስም እናኣጠመቐት ትቆጻጸሮ።

እዚ ዓይነት ቁጠባዊ ዓሎቕ ኣብ ዕምሪ ስልጣኖም ፈረንሳ ክትፍጽሞ ዘይፈቐዱ ገለ መራሕቲ ሃገራት ኣፍሪቃ በብእዋኑ ተንሲኦም ነይሮም እዮም። ብዙሕ ግዜ ካብ መንግስታት ምዕራብ ኣፍሪቃ ተቓውሞታት ኣንጻር መዝመዚ ኣካይዳ ፈረንሳ ይለዓዓል ነይሩ'ዩ። ኣብ ታሪኽ፡ ሃገራት ጊኒ፡ ማሊ፡ ቶጎን ማውሪታኒያን ማዳጋስካርን ዝርከባኦን ሃገራት ንስርዓት CFA ፍራንክ ዝነበረን ተቓውሞታት ብዝተፈላለየ መገዲታት ካብ ምግላጽ ዓዲ ኣይወዓላን። ፈረንሳ ድማ ነቲ ተቓውሞታት ክንዲ ዝተኸፍለ ዋጋ ይከፈል ብዝዋገድስ ንስትራተጂያዊ ረብሓታታ ዘየገልግል ካብ ግዝኣታት ዝምንጨ ተርእዮታት ብኣጋኡ ንምብርዓን ኩሉ ክፍጸም ዝከኣል መካላኸሊ ሜላታት ብምጥቃም፡ ኣብ ነበር ግዝኣታት ዝርከብ መቕጸልታ ስትራተጂ ሃገራዊ ድሕነታን ረብሓታታን ካብ ምሕላው፡ ገና ክሳብ ሕጂ ዓዲ ወዒላ ኣይትፈልጥን። ብመገዲ ምጉብዕባዕ ኣሰውቲ ዘመተታት ብምኽያድ፡ ካብኡ ሓሊፉ'ውን ቅንጸላን ዕልዋ መንግስታትን ብምህንዳስ፡ ስርዓት-መንግስቲ ብምቕያር፡ ኣፍሪቃዊ መሬታዊ ልኡላውነትን ሓርነትን ክትዘርግ ጸኒሓ ኣላ። እቲ ኸሱ ፈረንሳ ኣብ ልዕሊ ሃገራት ምዕራብ ኣፍሪቃን ካልኦት ነበር ግዝኣታትን ክትፍጽሞ ዝጸንሐት ሰይጣናዊ ሸርሒታት፡ ዘይፍትሓውን ማዕርነት ዘይብሉን ፖለቲካውን ቁጠባውን ዝምድናታት ክተስርጽ ኣኽኢሉዋ ኣሎ። ኣብ መጠረሽታ ኩሉ መዳይዊ ጸዕረታት ፈረንሳ፡ ከምዚ ዓይነት ብልሽው ዝምድናታት ዘላቕነት ምእንቲ ክህልዎ ብዕቱብነት ንምዕያይ ዝዕልም'ዩ።

ይቕጽል . . .



# ደቂ ኣንስትዮ

ሃማደኤ

ኩሉ መዳያዊ ኣግኡዞ ደቂ-ኣንስትዮ ንምርግጋጽ ኣብ ዝተታሕዘ ሃገራዊ ዕላማ ሃማደኤ ቀላሲን ኣማኢዚን ብምዃኑ ስትራተጂያዊ ውጥንን ፕሮጀክትታትን ሰሪዑ፡ ምስ ዕዙዝ ተራን ግብራዊ ኣበርክቶን መሻርኽቱ ንትግባረኡ ይጽዕት ኣሎ። ሃማደኤ ኣብ ምብራኽ ውዳበታትን ፖለቲካዊ ንቕሓትን ኣባላት፡ ኣብ ምስሳን ቀጠባዊ ዕቤትን ኣፍራይነትን ኣለይቲ ስድራቤታት፡ ኣብ ምሕያል ሱታፌ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ትምህርቲን ልምዓታዊ መደባትን መኸተን እናነጠፈ ህይወት ኣሽሓት ደቂ-ኣንስትዮ ዘመሓየሸ ዕማማት ከተግብር በቒዑ እዩ። ሃማደኤ፡ ነቲ ኣብ ወሽጥን ደገን ዘካይዶ ዕማማቱ ናብ ህዝቢ ንምዝርጋሕ፡ ብመንገዲ ማዕከናት ዜና ክሰርሕ ጸኒሑን ኣሎን። ከም መቐጸልታ ናይዚ ድማ ካብ ሎሚ 1 መጋቢት 2025 ጀሚሩ፡ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ 'ደቂ-ኣንስትዮ' ዝብል ሰሙናዊ ዓምዲ እናዳለወ ዜናዊ ንጥፈታቱ ንምሕያል ክሰርሕ ተበጊሱ ኣሎ። እዚ ዓምዲ'ዚ፡ ብናታትኩም ተሳትፎን ርእይቶን'ዩ ዝሕይል'ሞ፡ ኣበርክቶኹም ክተዕዝዙ ትዕደሙ።

## ኤርትራዊ ማዕርነት

ማርያም የሴፍ

ማዕርነት፡ ብፍላይ ድማ ጾታዊ ማዕርነት ዝብል ኣርእስቲ፡ ኣብ መንጎ እዞም ናይ ሕጂ ዘለና መንእሰያት ወለዶ ብብዙሒ ዝለዓል ኩይኑ፡ መበዝሕትኡ እዋን ናብ ርሱን ክትዓትን ነድርን ዝወስድ ኣርእስቲ እዩ። ማዕርነት፡ በቲ እነካይዶ ክትዓትን ናይ ቃላት ኩናትን ዝውሓስ እንተዝኸውን እቲ ቃልሲ ክንደይ ኮን ምቐለለ ነይሩ። ዘተን ምይይጥን ኣየድልን ማለት ግን ኣይኮነን። ብፍላይ'ኳ ሚዛናውን ሃናጽን ምስ ዝኸውን። ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ ለውጢ ብዝብል ኣርእስቲ ዝተበገሰ

ዝኾበር፡ ካብ ኣቢታዊ ኣተሓሳስባ ዘውንኑ ጭካኑ መግዛእታዊ ስንብራት ዘለዎ ሕብረተሰብ ዝፈለቐ ምዃኑ'ዩ። ምስቲ ዝነበረ ዓቃቢ ባህልን መግዛእትን ተደማሚሩ ኣብ ልዕሊ ጓል-ኣንስተይቲ ቀሊል ዘይኮነ ተጽዕኖ ነይሩ'ዩ። እዚ ድሕረ-ባይታ'ዚ ድማ፡ ኣብ ምጅማር ሰውራ ኤርትራ ምሉእ ዘይጸረየ ብምንባሩ፡ ኣብ ተሳታፍነት ደቂ-ኣንስትዮ ኣሉታዊ ጽልዋ ነይሩዎ። ስለዝኾነ ድማ'ዩ ብተደጋጋሚ ቃልሲ ደቂ-ኣንስትዮ ድርብ



ፍሉይ መግለጺ ዘለዎ መንነት እዩ። ሕሉፍ ታሪኽና ኣብ ግምት ብምእታው፡ ንማዕርነትን ኤርትራዊ መንነትን ትርጉም ከልቦ ድማ ዘጸግም ኣይኮነን። ምስ ደምን መስዋእትን ኣተኣሳሲርና ናትና ፍሉይ ትርጉም እንህቦ ኣምር እዩ። ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ቃልሲ ንማዕርነት ዝሓለፎ መስርሓት ዝተፈላለየ እዩ። ገለ ብመደረታት፡ ሰላማዊ ሰልፍታት፡ ኣብ ዋዕላታት ብምስታፍን ብምምጓትን ንማዕርነት ከም ዝተቓለሳ ይንገር እዩ። ኮይኑ ድማ ሃገራት ኣፍተን መግለጺ ቃልሲ ንማዕርነት ኣለወን። ናትና ቃልሲ፡ ናይ መደረ ማዕርነት ኣይነበረን። ፍሉይነት ኤርትራዊት ጓል-ኣንስተይቲ ብቑንዱ፡ ናይ ሂወት መስዋእቲ ክትቅርብ ምኽኣላ'ዩ - መስዋእቲ ንናጽነትን ንማዕርነትን። ስለዚ፡ ንማዕርነት እንህቦ ትርጉም ካብዚ ዝቖቐለ ምስ ዝኸውን ዝያዳ ርዝነት ይህልዎ። ሕጂ ንድሕሪት ምምላስ ድማ ነቲ ብደም ዋጋ ዝተኸፍለሉ መስዋእቲ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ከም ምእታው እዩ ዝቑጸር። ኣብዚ እዋን ዘለና መንእሰያት ደቂ-ኣንስትዮ፡ ነቲ ናይ መሰል ሕቶ ክንምልስ ከለና፡ ምስቲ ዝተኸፍለ ዋጋ ምስ እነተኣሳስሮ ዝያዳ ርዝኑ ክርድኣና ይኽእል እዩ። እንጉበሮ ዕማም'ውን ኣብዚ መቓን ኣእቲና ክንርድኦ ምስ እንፍትን ንጻዕርና ዝያዳ ናህሪ ይውስኸሉ።

ድሕሪ ናጽነት ሓደሽ መቓለሲ ባይታ እዩ ተፈጢሩ። ኣብ 1991 ካብ ዝተወሰደ ናይ መጀመርያ ስጉምትታት፡ ኣብ ጉዳይ ደቂ-ኣስንትዮ ኣተኩሩ ዝወጹ ሕጋጋትን ኣዋጃትን እዩ። ድሕሪ እቲ ብቃልሲ ዝመጸ

ትካላትና፡ ትካላዊ ኣሰራርሓና፡ ሕጋጋትና ብቑንዱ ድማ ምሕያል ሕብረተሰብ ኣገዳሲ ኣምር እዩ። ንኹሉ መዋቕራት ዝማእከለ ምስ ዝኸውን ድማ ምሉእነት ይህልዎ። ብወገን መንግስቲ ዝወጹ ፖሊሲን ሕግታትን ንሕቶ ደቂ-ኣንስትዮ ብዘዋህዮ ዝምልከት እዩ። ዝያዳ ሓይሊ ክህልዎ ግን ሓያል ናይ ትግባረ ኣገባብ'ውን የድልዮ። ካብ መረዳእታ ሕብረተሰብና ክሳብ ኣብ ትካላትና ዘሎ ሃጓፋት ክመሓየሽ ይግባእ። ስለዚ፡ ኩለንትናዊ ምሕያል ኣገዳሲ መስርሕ እዩ።

ብዝወሰኸ፡ ሕቶ ማዕርነት፡ ሕቶ መሰል ጥራይ ኣይኮነን። ሕቶ ሃገራዊ ዕቤትን ድሕነትን'ውን እዩ። ሓደ ካብቲ ሓደ ነጸልካ ዘይርአ ኣምር ምዃኑ ምርዳእ'ውን ሓጋዚ እዩ። ማዕርነት ማለት፡ ሰብነት፡ ዘለና ኩለንትናዊ ፍልልያት ብዘየገድስ፡ ማዕረ ዕድላትን መሰላትን ምርካብ እዩ። ካልእ ትርጉም የብሉን። ማዕርነት ኣብ ቅድሚ ሕጊ፡ ማዕርነት ኣብ ዝተዋደደ ዕድላት፡ ማዕርነት ኣብ ጸጋታት ናይ ሃገርን ካልእን። ሃገር ኣብ እተዋድዶ ዕድላትን ጸጋታትን ጾታ፡ ብሄር፡ ቋንቋ፡ ወዘተ. ከይበልና ኩሉ ሰብ ማዕርነቱን ክብረቱን ተሓልዩሉ ክነብር መሰረታዊ መሰል እዩ። ምዕሩይ ተሳታፍነት ኣብ መሰላት ጥራይ ዝሕጸር'ውን ኣይኮነን። ኣብ ግቡኣት'ውን ማዕርነት ክረጋገጽ ኣለዎ። ምኽንያቱ፡ ሃገር ብሓደ ጾታ ጥራይ ኣይትህነጽን እያ። ኣብ ህንጸትን ድሕነትን ኩሎም ዜጋታት ኣደዳ እንተተሓዊሶም፡ እታ ሃገር እትህቦ መሰላት ንኹሎም ዜጋታት ብማዕረ ክበጽሕ እቲ ተኽእሎ ዓቢ'ዩ ጥራይ ዘይኮነ ዘይተርፍ'ውን እዩ። ደቂ-ኣንስትዮ ንምርግጋጽ ማዕርነተን ኣብ ዘካይድኦ ቃልሲ ድማ፡ መስርሕ ሃገራዊ ድሕነትን ምዕባለን'ውን እናተመለሰ

ዘሎ፡ ንዊሕ ሰዓታት ሓሳባት ክፍልፍል ተዓዚበ። ኣዝዩ መሳጥን መሃርን ኩይኑ ስለ ዝረኸብኩዎ ድማ፡ ምክፋሉ ጸቢቑ ኩይኑ ይስምዓኒ።

መንቀሊ ናይ'ቲ ዘተ፡ ለውጢ ዝብል ኣምር እዩ ነይሩ። ለውጢ ንቕድሚት ጥራይ ዝኸይድ መስርሕ ኣይኮነን። ሓደ ዝተበጽሐ ደረጃ ክዕቀብ ምስ ዘይክእል ንድሕሪት ናይ ምምላስ ባህሪ'ውን ኣለዎ። ኣብ ሃገርና፡ ንሕቶ ማዕርነት፡ ብኤርትራውያን ደቂ-ኣንስትዮ ዝተበጽሐ ደረጃ፡ ኩሉ ዓይነት መስዋእቲ ብምኽፋል ንቕድሚት እምበር ንድሕሪት ከይምለስ ወትሩ እንዋጸሉ ዋኒን እዩ።

ሕብረተሰብ ኤርትራ ስልጡን ህዝቢ እዩ። ቅድሚ ሓርነታዊ ቃልሲ፡ ደቀኣንስትዮ፡ ዋላ'ኳ ዝተደረተ ተሳታፍነት እንተነበረን ሰብኣዊ መሰላት ዘኽብር ብስልጡን ሕግታት ዝቖየደን ዝመሓደርን ሕብረተሰብ ከም ዝነበረን ይፍለጥ። ምስቲ ዝነበረ ኣቢታዊ ባህርያት ግን ንኹለንትናዊ ተሳትፎን ዕድላትን ደቀኣንስትዮ ባይታ ዝሀበ ኣይነበረን። ድሕሪኡ ግን ምስ ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ዝተፈልየ መድረኽ ተፈጥረ።

ታሪኽ ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ፡ ኣብ ዓለም ተወዳዳሪ ዝና ዘለዎ ታሪኽ እዩ። ፍሉይ

ቃልሲ'ዩ ነይሩ ተባሂሉ ዝግለጽ - ቃልሲ ኣንጻር ድሑር ባህልታትን ቃልሲ ኣንጻር መግዛእትን።

ንሕቶ ጓል-ኣንስተይቲ ዝያዳ ባይታ ዘጣጠሐ፡ ምውላድ ህዝባዊ ሓይልታት እዩ። ኣብቲ ድሕሪኡ ዝቐጸለ መድረኻት፡ ህዝባዊ ግንባር ንማዕርነት ጓል-ኣንስተይቲ ኣሚኑ ዝፈጠሮ ባይታ ተጠቒመን ኣብ ኩሉ ዓውድታት ናይቲ ግንባር ዝበራኣ ኣበርክቶ ኣዝዩ ዓቢ ምንባሩ ይፍለጥ። እዚ፡ ኣብ ክልተ ተነጻጺሉ ዘይካየድ መሰረታውያን ሓቅታት ይምርኮስ፡ ቀዳማይ፡ ግብራዊ ተሳታፍነት ደቂ-ኣንስትዮ፡ እቲ ካልኣይ ድማ እምነት ናይቲ ውድብ ኣብ ደቂ-ኣንስትዮ እዩ። ከም ውጽኢት ናይዚ ግብራዊ ቃልሲ ድማ፡ ነቲ ዝነበረ ተደራራቢ ብድሆታት ሰጊረን ዝበን ሕጂ ዘለናን ብሕጂ ዝመጽኣ ወለዶታትን ዓቢ መርሓ ኣንጺፈን እየን - መርሓ ንማዕርነት ብግብራዊ ተሳታፍነት።

### ማዕርነት ግን እንታይ እዩ?

ማዕርነት ኣድማሳዊ ሓሳብ እዩ። ኤርትራዊት ጓል-ኣንስተይቲ ንበይና ተልዕሎ ኣምር ኣይኮነን። ኤርትራዊት ጓል-ኣንስተይቲ ግን ፍልይቲ እያ። ኤርትራውያት ደማ



ማዕርነት፡ ብደረጃ ፖሊሲን ሕጋጋትን ተደሪዑ ናብ ዝበረኸ ደረጃ በጺሑ። ከም ዝፍለጥ፡ ነፍሲ-ወከፍ መድረኽ ናቱ ብድሆታትን ብልጫታትን ኣለዎ። ናይ ድሕሪ ናጽነት ብድሆታት፡ ከምቲ ቅድሚኡ ዝነበረ መድረኻት ኣይኮነውን። እቲ ቃልሲ፡ ኣብ ዝተፈጥረ ሓደሽ ባይታ፡ ብዘበቕዓት ምውጻእ እዩ፡ ናይ ገዛእ-ርእሱ ቃልሲ ከኣ ይሓትት። ኮይኑ ድማ ካብ ግዜ ናብ ግዜ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ጽላታት ብቑጽርን ዓይነትን ተዓቃኒ ዝኾነ ኣበርክቶ ደቂ ኣንስትዮ ክዓቢ ጀመረ።

ቃልሲ ንማዕርነት ግን ሓንሳብ ተበጺሑ ዝውዳእ መስርሕ ኣይኮነን። ስለዚ፡ ኩሉ ግዜ ምሕያል የድሊ። ምስ ምሕያል ዝብል ኣምር ተተሓሒዙ ዝመጽእ ኣርእስቲ'ውን ኣሎ። ምሕያል ደቂ-ኣንስትዮ ናብ ሓደ ክፋል ጥራይ ዝዘዘወ ከስምዕ ኣይግባእን። ዝኾነ ሰብ ምሕያል ይደሊ እዩ። ሰብ ጥራይ ዘይኮነ

ይኸይድ።

ትርጉም ማዕርነት እዚ ካብ ኮነ እምበኣር፡ ኣብዞም ሕጂ ዘለና መንእሰያት ብሓፈሻ፡ ኣብ መንእሰያት ደቂ-ኣንስትዮ ድማ ብፍላይ ኣብ ማዕርነት ዘለና መረዳእታ፡ ተወፋይነት፡ ከም መትከል ማዕረ ክንደይ ሒዝናዮ ንገምግም ኣለና ምሕታት ኣገዳሲ እዩ። ኣብዚ እዋን ዘለና መንእሰያት፡ ወድና ጓልና፡ ብዝተፈላለየ ዓለማዊ ፍጻመታት ዝተጸለና ኢና። ብሰንኪ እቲ ዝገጥመና ዓለማዊ ጽልዋታት ድማ፡ ብሓፈሻ ኣብ ባህልና፡ መትከላትናን መረዳእታታትናን ጽንዓት መርገጺታት ካብ ምሓዝ ዝጋርዱና ብድሆታት ኣለዉና።

ሕቶ ጾታዊ ማዕርነት፡ ከም ኩሉ እቲ ብዓለም ደረጃ ዝጸሎ ዘሎ ኣምር እዩ። ዓለማውን ሕብረተሰብኣውን ጽልዋታት ኣብ ኣምር ናይ ማዕርነት ዝፈጥርዎ ጽልዋ ኣሎ። እዚ ጽልዋታት'ዚ ተደማሚሩ ኣብ ገለ መንእሰያት፡ ኣብ ማዕርነት ዘለና መረዳእታ ካብቲ ቅኑዕ መገዲ ክኣልየና ይኽእል እዩ።



ብቑንዱ ክንርእዮ ዘለና ግን ሕብረተሰብና ምስ ክብርታቱ ዝኸሰሎም መረዳእታ ናይ ማዕርነት ኣሎና። ንሱ ድማ ኣብ ምኩባርን ምምልላእን ዝተመርኮሰ ኤርትራዊ ማዕርነት እዩ። ስለዚ፡ ንሕብረተሰብና ብዝበለጸ ምፍላጥ፡ ኣመጻጽኣና ምግንዛብ፡ ግቡእ መረዳእታ ናይ ማዕርነት ምህላው፡ ካብቲ ቀዳማይ ክንግንዘቦ ክንሰርሓሉን ዘለና ጉዳይ እዩ። ግቡእ መረዳእታ ናይቲ ኣምር ድሕሪ ምሓዝ ድማ፡ ግብራዊ ለውጢ ንምምጻእ ቃልስን ቅሩብነትን የድሊ።

ከም ሰንቂ ዘድልየና ቀንዲ መሳርሒ ድማ፡ ብርእሱተኣማንነት ምዕያይን ልዑል ተወፋይነት ምርኣይን እዩ። ምኽንያቱ፡ ማዕርነት ዝጠልቦ ዝለዓለ ደረጃ ናይ ተወፋይነት ክንበጽሕ ግድነታዊ እዩ። ነቲ ብሓሳብ ንጠልቦ፡ ብግብሪ ክንከዶ የድሊ።

ናብ ዝተፈላለየ ዓለማዊ ጽልዋታት ምቕላዕን ዘለና ህሉው ማሕበረ-ቁጠባዊ ብድሆታትን ናብ ምኞት ወይ ነፍሰ-ፍትወት ገጽካ ናይ ምዝንባል ድርኺት ይፈጥር እዩ። እንተኾነ፡ ካብቲ ዝገጥመና ብድሆ ሃዲምና ዝመጽእ ፍታሕ ከም ዘየለ ምርዳእ ከኣ ኣገዳሲ እዩ። ብውልቅና እንበህን ብልጸግና፡ ኣብቲ ናይ ሓባር ጻዕሪን ሓባራዊ ውጽኢትን ኣእቲና ክንርእዮ ኣገዳሲ እዩ። ኣነ ውጽኢት ናይ ሓባር እየ ኢለ ምስ ዝኣምን ድማ ዝያዳ ኣበርክቶይ ከዕዝዝ እኽእል። ምኽንያቱ፡ ማዕርነት መንግስቲ ወይ ሕብረተሰብ ዝህበና ህያብ ኣይኮነን።

ኣብ ሓርነታዊ ቃልሲ፡ ደቂ-ኣንስትዮ ንምኞትን ውልቃውነትን ረጊጸን ስለዝተቓለሳ፡ ብታሕቲ ዝጀመረ ተበግሶኣን ኣብዚ ሕጂ ዘለናዮ ዝበረኸ ደረጃ ኣብጺሑና እዩ። ሕጂ'ውን ማዕረ ማዕረ እቲ ዘለና ዕድላትን ብድሆታትን እቲ ንደልዮ ነገር ክንክዶን ክንጻዓሉን ኣገዳሲ እዩ ጥራይ ዘይኮነ ካልእ ኣቋራጭ'ውን የብልናን። ውልቃውነት፡ ናብ ዝቐለለ ምልጋስ፡ ካብ ቃልሲ ምህዳም፡ ወዘተ. ከም ባህሪ ክንቃለሶም ኣለና። ካብ ምውቃስ ወይ ካብ ኣድ ምውጥዋጥ እውን ክንወጽእ ኣለና። ምኽንያቱ፡ እዚ ነቲ ዘሎ ሓፈሻዊ ድኽመትን ብድሆታትን ዝያዳ ምጉዳድ እምበር ፍታሕ ዘምጽእ ኣይኮነን። ስለዚ፡ ጽንዓትና ካብ ምጉዳድ ክንሕልዎን ኣብ ቀጻሊ ጻዕርን ስራሕን ክንጽመድን መድረኽ ዝጠልቦ ተልእኾና እዩ።



# ስፖርት

ሊድያ በረኸት

## ዙር ርዋንዳ - ሄኖክ ሓምሻይ ኣትዩ

### ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ መሪሕነታ ኣረኪባ

ኣባል ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ሄኖክ ምልእብርሃኑ ትማሊ ዓርቢ ኣብ ዝተኻየደት ሓምሻይቲ መድረኽ ዙር ርዋንዳ ሓምሻይ ኣትዩ።

እዛ መድረኽ 144 ኪሎሜተር ርሕቀት ዝሸፈነት ኮይና፡ ተቐዳደምቲ ካብ ከተማ ሩሲዚ ተበጊሶም ኣብ ከተማ ሁየ ዝዛዘሙላ እያ ነይራ። ካብ ዝቐደመ መድረኻት ዝተረረ ዓቐብት ዝበዝሖ ምስ ምኻና፡ ተቐዳደምቲ ብድምር 3348 ሜትሮ ክሓኽሩ ነይሩዎም። ቤልጀዩማዊ ተቐዳዳማይ ዩኤኢ ዱዋርተ ማርቦት ብዝሓጸረ ዕዉት መጥቃዕቲ ከኣ ብ25 ካልኢት ፍልልይ ንሓምሻይ መድረኽ ተዓዊቱላ።

ካልኣይቲ ጉጅለ ስሙያት ተቐዳደምቲ ድሙ ምስ ናይ ዩሲኣይ ጋንታ ተሰሊፉ ዝወዳደር ዘሎ ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ ዓወት ኣማን ካልኣይ ክኣቱ እንከሎ፡ ሄኖክ ምልእብርሃን ሓምሻይ፡ ዩኤል ሃብትኣብ ሻምናይ ተርታ ብምሓዝ ምስ ቀዳሞት 10 ብምኻን ውድድሮም ዛዚሞም። ናህም ዘርኣይ መበል 15፡ ዳዊት የማነ መበል 16፡ ዓወት ክብሮም መበል 22፡ መትከል እዮብ መበል 37፡ ናታን መድሃኔ መበል 50፡ ያፌት ሙልጌታ ድማ መበል 52 ተርታ ሒዞም።



ናይ'ዚ ዙር ኮይናም ዘለዉ ተቐዳደምቲ ሓቑፉ ኣብ ዘካየደቶ ቅጽበታዊ ውድድር

በዚ መሰረት ብደረጃ ጋንታ፡ ኣብ ራብዓይ መድረኽ መሪሕነት ሒዛ ዝነበረት ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ፡ ብሰለስተ ደቒቓን 53 ካልኢትን ካብ ጀርመናዊት ክለብ ባይክ ኤይድ ድሒራ፡ ካልኣይቲ ኮይና ትግስግስ ኣላ።

ሄኖክ ምልእብርሃን ንዝበለጸ ኣፍሪቃዊ ተቐዳዳማይ እትውሃብ ማልያ ዓቂቡ ኣሎ። ዩኤል ሃብተኣብ እውን ንዝበለጸ ኣፍሪቃዊ መንእሰይ ንእትውሃብ ማልያ ሒዙዋ ናብ ሻድሻይ መድረኽ ከምርሕ እዩ። ዝሓለፈ ሓሙስ ብዮጺ ማልያ ዝተረኽበ ፈረንሳዊ ተቐዳዳማይ ክለብ ቶታል ኤነርጂስ ጆሪስ በልቦሽ ትማሊ'ውን ኣውሒሱዋ ወዲሉ።

ዙር ርዋንዳ ሎሚ ቀዳም 1 መጋቢት ሻድሻይ መድረኹ ክሰላሰል እዩ። ኣብዚ መድረኽ፡ ተቐዳደምቲ ካብ ኒያንዛ ተበጊሶም ኣብ ኪጋሊ ዝዛዘሙሉ ናይ 131.5 ኪሎሜተር ርሕቀት ክሸፍኑ እዮም። ጽቡቕ ዕድል ንተቐዳደምትና!

## ስፖርታዊ ቅነ እዚ-ምብራቕ ይቕጽል

እዚ-ምብራቕ፡ ካብ 16 ለካቲት ጀሚሩ ኣብ ኩሉ ዓውደ ስፖርት ዘካይዶም ዘሎ ውድድራት ቀጺሉ።

እቲ ስፖርታዊ ውድድራት፡ ዝሓለፈ ረቡዕ ብዮጥሞት ኩዕሶ-መርበብ ደቂ-ኣንስትዮ ቀጺሉ ወዲሉ። ሜዳ ቀይሕ-ባሕሪ ኣርባዕተ ጋንታት ዝተሳተፋኦ ክልተ ግጥማት ከኣንግድ ኣርፊዱ። ፈለማ ዝገጠማ ጋንታታት፡ ቀይሕነትን ምስ ራሱዱሜራ ኮይነን፡ እቲ ጸወታ ብዓወት ቀይሕነትን 2-0 ተዛዚሙ። ኣብ ካልኣይ ግጥም፡ ድራንን ንግራስ 2-0 ኣፋንያታ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ግጥም ኩዕሶ-ሰከይት፡ ቢሻ ንቐይሕነትን 46-06 ብገፊሕ ክትስዕራ ከላ፡ ዋልታ ንስዱሕዔላ 14-02 ረቲዓታ።

ሓሙስ ኣብ ዝተኣንገደ ግጥም ኩዕሶ-መርበብ ደቂ-ተባዕትዮ፡ ስዱሕዔላ ንዋልታ 3-01 ክትስዕራ እንከላ፡ ቢሻ ንድራግን 3-02 ረቲዓታ። ኣብ ናይ ድሕሪ ቀትሪ ጸወታ፡ ብርክት ዝበሉ ኣፍቀርቲ ስፖርት ኣብ ዝተረኽቡሉ ዝተኻየደ ግጥም ኩዕሶ-እግሪ ደቂ-ኣንስትዮ ተሰላሲሉ። ፈለማ ናብ ሜዳ ዘምርሓ ጋንታታት፡ ዋልታ ምስ ቀይሕነትን እየን። ሚዛን ብቐዓተን ኣብ ቀዳማይ ዕረፍቲ ተመሳሳሊ እኳ እንተነበረ፡ ድሕሪ ዕረፍቲ ኣብ ዝቐጸለ ግን ጋንታ ዋልታ ጸብለልታኣ ርኡይ እናኾነ ከደ። ዋልታ ተደጋጋሚ ፈተነታት ኣብ ልዕሊ ቀይሕነትን ኣካዪዱ፡ ኣብ መበል 32 ደቒቕ ድማ ዳናይት መሓሪ ካብ ዋልታ ሸቶ ኣመዝጊባ። ጋንታ ዋልታ ናህራ ከየጕደለት ብምቕጻል፡ ኣብ መበል 46 ደቒቕ ብመንገዲ ሳብሪን ቴድሮስ ካልኣይቲ ሸቶ ኣመዝጊባ። ጸወታ ኣብ መፈጸምታኡ በጺሑ፡ ማእከላይ ዳኛ ናይ ፍጻመ ፊሽካ ኣብ ዝሃረመሉ፡ ጸወታ ብዓወት ዋልታ 2-0 ተዛዚሙ።

ቀጺለን ዝሰዓባ ጋንታታት፡ ቡያን ድራግንን ክኾና ከለዋ፡ ድራግን ካብ ጋንታታት ደቂ ኣንስትዮ እዚ ውድድር ብዘለዋ ፍሉይ ቁመናን ብቕዓትን ጸወታ ብመሪሕነታ ክዕብለል ብምጽንሑ፡ እዚ ግጥም ብዓወት ክትዛዘሞ ትኽእል'ያ ዝብል ግምት ካብ ደገፍትን ኣለይትን ነበረ። ይኹን እምበር፡ ጸወታ መኣዝኑ ቀየረ። ኣብ ፈለማ ክልቲአን ጋንታታት ንኹዕሶ ማዕረ ምቁጻጻር እናገበራ ኣብ ኣንጻር ጋንታአን ፈተነ የካይዳ ነበራ። ኣብ ሸቶ ዝበጽሕ ግን ኣይነበረን። ጸወታ ክልቲአን ጋንታታት ብዘይ ወጽኢት እናቐጸለ ንዕረፍቲ ሓደት ደቓይቕ ኣብ ዝተረፈሉ፡ የሳን የውሃንስ ናይ ቡያ ንጋንትኣ መሪሕነት እተትሕዝ ሸቶ ኣመዝጊባ፡ 1-0 ድማ ዕረፍቲ ኮነ።

ድሕሪ ዕረፍቲ፡ ጋንታ ቡያ ንመስመር ልዕሊ ድራግን ተደጋጋሚ ክደፍርኦ ተራእየ፡ ጸወታ ንጸርኡ እናጕልሐ ከደ። ሓያል ኣጥቃዊት የሳን የውሃንስ ጋንታ ቡያ ንዕብየት ጋንታኣ ክብ እትብል ሸቶ ኣዝዚመት፡ ጋንታ ድራግን ንዘሸሰርኦ ክመልሳ ክቃላጠፉ ተራእዩ። ብፍላይ እታ ብውሕልነትን ቅልጣፈን ትልለ ብልጽቲ ኣመዝጋቢት ሸቶ ዝሓለፈ ዓመት ኮይና ዝተሸለመት፡ ሓየት በየን ካብ ጋንታ ድራግን፡ መስመር መጥቃዕቲ ጋንታ ቡያ ክትደፍር ተደጋጋሚ ፈተነታት'ኳ ትገብር እንተ ነበረት፡ ብድልዱል ዕርዲ ትልለ ተኸላኻሊት ቡያ ክብራ ብርሃ ግን ክትሰግራ ኣይከኣለትን። ጸወታ ናብ ምዝዛም እናምርሐ ኣብ ዝኸደሉ፡ የሳን ግርማይ ናይ ቡያ ሳልሰይቲ ሸቶ ብምምዝጋብ ጸወታ ብዓወት ቡያ 3-0 ተዛዚሙ።

ብተወሳኺ'ውን ኣብ ተመሳሳሊ ሰዓት፡ ግጥም ኩዕሶ-ሰከይት ደቂ-ተባዕትዮ ኣብ ሜዳ ቀይሕ-ባሕሪ ተኻዪዱ። ኣብዚ ግጥም'ዚ፡ ሰላሞ ንራሱዱሜራ 43-042 ክትስዕራ እንከላ ቢሻ ንፍልፍል 84-036 ረቲዓታ።

## ሊቨርፑል፡ ፋይናንስያዊ ክሳራታታ ይዛይድ


እንግሊዛዊት ክለብ ሊቨርፑል፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ካብ ኣታዊታታ ወጻኢታታ ከም ዝበዝሐ ተገሊጹ።

እታ ክለብ ብመሰረት ዝዘርገሐቶ ዓመታዊ ጸብጻብ፡ ኣብ 2024፡ ምስ ናይ ቅድመኡ ዓመት ክሳራታታ እንክነጻጸር፡ ወሰኽ ኣርእዩ።

እዛ ንግጥማት ፕሪመር ሊግ ትመርሖ ዘላ ክለብ፡ ኣብ ዝዘርገሐቶ ፋይናንሳዊ ጸብጻብ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት 2023፡ 48 ሚልዮን ኤሮ ጥራይ ዝነበረ ክሳራታታ ኣብ 2024 ግን 57 ሚልዮን ኤሮ ኮይኑ።

ወላ'ኳ ኣብ 2023-24፡ ዝተረኽበ ኣታዊታት ናይዛ ክለብ፡ ካብ 20 ሚልዮን ኤሮ ናብ 614 ሚልዮን ኤሮ ክብ እንተበለ፡ ወጻኢታታ ግን ኣዝዩ ዝተጋነነ ምንባሩ'ዩ ተጠቒሱ። እታ ክለብ፡ ኣብቲ ዝተጠቕሰ ዓመት፡ ብምውዕዋዕ ጥራይ ዝረኸበቶ ኣታዊታት ካብ 36 ሚልዮን ኤሮ ናብ 308 ሚልዮን ኤሮ ክብ ኢሉ። እዚ ማለት ሊቨርፑል ንመጀመርያ ግዜ ኣብ ታሪኻ ልዕሊ 300 ሚልዮን ኤሮ ኣታዊ ክተኻዕብት ክኢላ ማለት እዩ።

ይኹን እምበር፡ እዛ ክለብ ኣብ መስርሕ ምስግጋር ተጻወትቲ ኣብታ ዓመት፡ ብጠቕላላ 170 ሚልዮን ኤሮ ወጻኢታት ክትገብር እያ ተራእያ። ኣብቲ እዋን'ቲ ወላ'ኳ ኣታዊታታ እንተዓበዩ፡ ንምሕደራ ዝወጹ ወጻኢታት ከም ደሞዝ ተጻወትቲን ኣባላትን ከምኡ'ውን ተወሳኺ ወጻኢታትን እናዓበዩ ብምምጽኦም፡ ኑቲ ክሳራታታ ክዓቢ እዩ ተራእዩ።




## ሞሪኖ፡ ንኣርባዕተ ጸወታታት ተኣጊዱ

ኣሰልጣኒ ቱርካዊት ክለብ ፈነርባቸ ሆዘ ሞሪኖ፡ ድሕሪ ግጥም ኣንጻር ጋላታሳራይ ብዝሃቦ "ዓሌታዊ መልእኽታት" ካብ ኣርባዕተ ጸወታታት ተኣጊዱ።

ብሰኑይ ኣብ ሱፐር ሊግ ቱርኪ፡ ፈነርባቸ ምስታ ብሸዱሸተ ነጥቢ ፈልያታ ዘላ ክለብ ጋላታሳራይ 0-0 ድሕሪ ምፍላላይ፡ ሞሪኖ ኣብ ጋዜጣዊ መግለጺኡ፡ ኑቶም ኣብ መንበር ተቐያሮቲ ዝነበሩ ተጻወትቲ ጋላታሳራይ "ከም ኣህባይ ይዘሉ ነይሮም።" ኢሉ ብምዝራቡ፡ ዓሌታዊ መልእኽቲ ኣመሓላሊፉ ተባሂሉ ብቐደሚ ትማሊ ሓሙስ ብወግዒ መቕጻዕቲ ከም ዝተበየነሉ ተሓቢሩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ብሰሪ'ቲ ኣብ ናይ ሊግ ጸወታታት ዝወሃብ ዝነበረ ሻራዊ ውሳነታት፡ ክልቲአን ክለባት ናይ ካልእ ሃገር ዳኛ ክኣትዉ ብዘቕረብኦ ሕቶ፡ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ቱርኪ ወዲ 45 ዓመት ወጻእተኛ ማእከላይ ዳኛ ንኽኣትዎ ወሲኑ። ሞሪኖ ድሕሪ ጸወታ ምዝዛሙ፡ ናብ መቐየሪ ክፍሊ ብምምራሕ ራብዓይ ዳኛ ንዝነበረ ቱርካዊ፡ "እዚ ጸወታ ብኣኻ እንተ ዝዳኣ ነይሩ፡ ዕንወት መጋጠመ።" ክብል ከም ዝዘረበ እውን ተሓቢሩ።




ብመሰረት ሕጊ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ቱርኪ፡ እዚ ወዲ 62 ዓመት ፖርቱጋላዊ ኣሰልጣኒ፡ ንስፖርታዊ ስርዓት ናይቲ ፌደረሽን ብምጥሓሱን ናይ ተጻወትቲ መሰል ብምግሃሱን፡ 42 ሽሕ ኤሮ ክኸፍልን ካብ ኣርባዕተ ጸወታታት ክእገድን ተበዪኑሉ።

ኣሰልጣኒ ክለባት ቸልሲ፡ ማንቸስተር ዩናይትድን ቶተንሃምን ዝነበረ ሞሪኖ፡ ኣብ ዝሓለፈ እዋን'ውን ንኣካየድቲ ኩዕሶ እግሪ ቱርኪ ብምዝላፉ ናይ ገንዘብን ካብ ጸወታ ናይ ምእጋድን መቕጻዕቲ ከም ዝተወሰኖሉ ይፍለጥ።

### መደብ ጸወታ

| ሎሚ | ሎሚ |
| --- | --- |
| ሻምፕዮን ኩዕሶ መርበብ ዞባ ማእከል | ኤፍኤ ካፕ |
| ሓድነት - ድያእ (3ይ ዲቪዥዮን ደቂ ኣንስትዮ) | ክሪስታል ፓላስ - ሚልዎል 3፡15 ድ.ቀ |
| ሕውነት - ክሰሬ (2ይ ዲቪዥዮን ደቂ ተባዕትዮ) | ቦርንማውዝ - ዎልቨስ 6፡00 ድ.ቀ |
| ሓይሊ ኣየር - ሳዋ (1ይ ዲቪዥዮን ደቂ ተባዕትዮ) | ማን ሲቲ - ፕሊይማውዝ 8፡45 ድ.ቀ |
| ካብ ሰዓት 2፡00 ድ.ቀ ኣብ ሜዳ ቦቶሬልያ ክጻወታ እየን | ላሊጋ |
| | ሪያል በቲስ - ሪያል ማድሪድ 8፡30 ድ.ቀ |
| | ኣትሌቲኮ ማድሪድ - ኣትሌቲኮ በልባኦ 11፡00 ድ.ቀ |

# ዜና ዓለም

ምርያም ኣብርሃም

## ትራምፕ፡ ምስ ቀዳማይ ሚኒስተር ብሪጣንያ ይዘራረብ

ፕረዚደንት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ምስ ቀዳማይ ሚኒስተር ብሪጣንያ ኬር ስታርመር ኣብ ቤት-ጽሕፈት ዋይት ሃውስ ከምእተዘራረበ ተሓቢሩ፡፡

ኣብቲ ርክብ፡ ክልቲኦም መራሕቲ ኣብ ንግዳዊ ዝምድናታት ኣመሪካን ብሪጣንያን፡ ኣብ ጉዳይ ኲናት ዩክረይን፡ ከምኡ ድማ ኣብ ኩነታት ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ)ን ዘተኮረ ምይይጥ ከምዝተኻየዱ እዩ ዝግለጽ ዘሎ፡፡

ኣብቲ ርክብ ብተወሳኺ፡ ኬር ስታርመር፡ ፕረዚደንት ትራምፕ ናብ



ብሪጣንያ ንክበጽሕ ካብ ንጉስ ቻርለስ ሳልሳይ ንዝተማልአ ናይ ዕድመ ወረቐት ኣረከበ፡፡

ነቲ ዝተላእከሉ ዕድመ ብእወታ ከምዝተቐበሎ ዝጠቐሰ ትራምፕ ብወገኑ፡ ኣብ ቀረባ እዋን ናብ ብሪጣንያ ምብጻሕ ከምዝካየድ ኣፍሊጡ፡፡

ክልቲኦም መራሕቲ ብፍላይ ኣብ ጉዳይ ንግዳዊ ዝምድና ክልቲአን ሃገራት ኣተኲሮም ከምእተዘራረቡ ዝጠቐሰ ትራምፕ፡ ኣብ መንጎ ሃገሩን ብሪጣንያን ዘሎ ንግዳዊ ዝምድና ኣብ መጻኢ ናብ ዝበለጸ ደረጃ ክዕቢ ከምእተሰማምዑ ገሊጹ፡፡

ኣብ 2024፡ ኣመሪካን ብሪጣንያን ናይ ልዕሊ 148 ቢልዮን ዶላር ዝግመት ንግዳዊ ልውውጥ ከምዘካየዳ እዩ ዝጥቀስ፡፡

ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ፡ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ብተመሳሳሊ ንፈረንሳዊ መዘና ፕረዚደንት ኤማንዌል ማክሮን ኣብ ቤት-ጽሕፈቱ ተቐቢሉ ከምዘዘራረቦ ዝዘከር እዩ፡፡

## ጀርመን - ብሰንኪ ኣድማ፡ በረራታት ነፈርቲ ይስረዝ

ኣህጉራዊ መዓርፎ-ነፈርቲ ሙኒክ - ጀርመን፡ ብሰንኪ'ቲ ሰራሕተኛታቱ ዘካይድዎ ዘለዉ ኣድማ፡ ኣብዘን ዝሓለፋ ክልተ መዓልታት ብኣማኢት ዝቑጸር በረራታት ከምዝሰረዘ ይሕበር ኣሎ፡፡


ብመሰረት ጸብጻባት እቲ መዓርፎ-ነፈርቲ፡ 80 ሚእታዊት ካብቲ ክካየድ ተሓሲቡ ዝነበረ በረራታት ተሰሪዙ ኣሎ፡፡

ካብ ዝሓለፈ ወርሒ ጥሪ ኣትሒዙ ስራሕ ደው ናይ ምባል ኣድማታት ብተደጋጋሚ ክካየድ ዝጸንሐ ብ'ቨርዲ' ዝፍለጥ ማሕበር ሰራሕተኛታት መዓርፎ ነፈርቲ ሙኒክ፡ ዝሓሸ ናይ ስራሕ ሃዋህውን ወሰኽ ደሞዝን ይጠልብ ከምዘሎ እዩ ዝሕበር፡፡

በቲ ተኸሲቱ ዘሎ ኩነታት፡ እቲ ኣህጉራዊ መዓርፎ-ነፈርቲ ኣብ ዝመጽእ መዓልታት'ውን ብርክት ዝበሉ በረራታት ክስረዝ ከምዝኽእል እዩ ዝግለጽ ዘሎ፡፡

ብተወሳኺ፡ በቲ ኩነታት ልዕሊ 300 ሽሕ ተጓዓዝቲ ብኣሉታ ተጸልዩም ከምዘለዉ፡ ሓደ ላዕለዋይ በዓል-መዚ ናይ'ቲ መዓርፎ ነፈርቲ ኣረዲኡ፡፡

ብመሰረት ጸብጻባት፡ ኣህጉራዊ መዓርፎ-ነፈርቲ ሙኒክ፡ ብዕበዩ ኣብ ጀርመን ንኣህጉራዊ መዓርፎ-ነፈርቲ ፍራንክፈርት ሰዒቡ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ይስራዕ፡፡







## ኣመሪካ፡ ኣብ ልዕሊ ፍርያት ቻይና ተወሳኺ ቀረጽ ትውስን



ፕረዚደንት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ኣብ ልዕሊ እታው ንብረት ቻይና ተወሳኺ ናይ 10 ሚእታዊት ቀረጽ ከምዝወሰነ ይሕበር ኣሎ፡፡

ትራምፕ፡ ኣብ መጀመርያ ናይታ ዝሓለፈት ወርሒ፡ ኣብ ልዕሊ እታው ንብረት ቻይና ናይ 10 ሚእታዊት ቀረጽ ኣተግቢሩ ከምዝነበረ ዝዝከር እዩ፡፡

እዚ ትራምፕ ኣብ ወሸጠ. ሓደ ወርሒ. ንኻልኣይ ግዜኡ ኣብ ልዕሊ. ቻይና ዝወሰኖ ናይ ቀረጽ ወሰኽ፡ ኣብ መንጎ እዘን ክልተ ሃገራት ንዘጸንሐ ንግዳዊ ምትፍናን መሊሱ ከኸርሮ ከምዝኽእል እዩ ዝግለጽ ዘሎ፡፡

ሚኒስትሪ ንግዲ ቻይና፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ. ከም መልሰ-ግብሪ ናይቲ ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ ኣብ ልዕሊ. ንግዳዊ ፍርያት ቻይና ዝኣወጆ ቀረጽ፡ ኣብ እታው ንብረት ኣመሪካ ቀረጽ ከምዝገበረ ኣዘኻኺሩ፡፡

እዚ ሕጂ ብፕረዚደንት ትራምፕ ተመሓላሊፉ ዘሎ ውሳኔ፡ ካብ ዝመጽእ 4 መጋቢት ጀሚሩ ግብራዊ ከምዝኸውን እዩ ዝነገር ዘሎ፡፡

ቻይና ብተወሳኺ፡ ንሰደድ ናይ'ቶም ታንግስተን፡ ቴሉርዩም፡ ሩተንዩም፡ ሞሊብደናምን ዝተሰምዩ ኣገደስቲ ዝኾኑ ማዕድናት'ውን ክትቆጻጸሮ ከምእትጀምር፡ እቲ ሚኒስትሪ ከጠንቀቐ ጸኒሑ እዩ፡፡

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ፕረዚደንት ትራምፕ ንሓደ ወርሒ. ኣናዊሕዎ ዝጸንሐ - ኣብ ልዕሊ. ፍርያት ካናዳን ሜክሲኮን ዝነበሮ ናይ 25 ሚእታዊት ወሰኽ ቀረጽ፡ ካብ ዝመጽእ 4 መጋቢት ኣትሒዙ ግብራዊ ከምዝኸውን ተገሊጹ፡፡

## ሰሜን-ኮርያ፡ ፈተነ ክሩዝ ሚሳይል ኣካዪዳ

ሰሜን-ኮርያ፡ ስትራተጂያዊ ዝተባህለ ፈተነ ክሩዝ ሚሳይል ከምዘካየደት፡ መንግስታዊት ማዕከን-ዜና'ታ ሃገር - ከይ.ሲ.ኤን.ኤ ሓቢራ፡፡

ሰሜን-ኮርያ፡ ካብ ጸላእታ ክመጽእ ንዝኽእል ተጻብኦታት ከሚ. ዓይነት ሰጉምቲ ብምውሳድ ክትብድሆ ከምእትኽእል መልእኽቲ ንምምሕልላፍ ነቲ ፈተነ ከምዘካየደቶ እያ ትገልጽ ዘላ፡፡

እቲ ክሩዝ ሚሳይል ኣብ ብጫ ባሕሪ ቅድሚ ምዕላቡ፡ ንኣስታት 1587 ኪ.ሜ ከምእተጓዕዘ እየም ጸብጻባት ዝጠቐሱ፡፡



እቲ ፈተነ ዕወት ምንካኑ ዝጠቐሰ መንግስቲ ሰሜን-ኮርያ፡ ልኡላውነትን ርግኣትን ሃገሩ ንከዕቅብ ወገን ንምጥንቃቅ ዝዓለመ ምንካኑ ወሲኹ ኣረዲኡ፡፡

በዚ ኸኣ፡ ሰሜን ኮርያ ተካይዶም ዘላ ተደጋጋሚ ፈተነታት፡ መቐጸልታ ናይቲ ዝተራቐቐ ሚሳይላት ንምምዕባል ትሰርሖ ዘላ መደብ ምኳኑ'የም ምስቲ ጉዳይ ቀርበት ዘለዎም ዝተፈላለዩ ወገናት ዝሕብሩ፡፡

ሰሜን ኮርያ፡ ኣመሪካ ነቲ ኣብ ሓውሲ. ደሴት ኮርያ ትገብሮ ዘላ ወተሃደራዊ ምትእትታው ምስዝይተቋርጽ ነቲ ኣብ 2006፡ 2009 ከምኡ ድማ ኣብ 2017 ዘካየደቶ ፈተነ ባለስቲካዊ ሚሳይል ብዝሓየለ መልክዑ ክትቅጽሎ ከምእትኽእል እያ ብተደጋጋሚ ከተጠንቅቕ ጸኒሓ፡፡

እታ ሃገር ትውንጨፎ ዘላ ባለስቲካዊ ሚሳይላት፡ ኣብ ምውሓስ ሰላምን ርግኣታን ዓቢ ተራ ከምዘለዎ እያ ትሕብር፡፡

## ኮንጎ - ብመጥቃዕቲ ቦምባ 11 ሰባት ሞይቶም

ኣብ ከተማ ቡካቩ - ምብራቓዊ ክፋል ደሞክራሲያዊት ረፓብሊክ ኮንጎ፡ ዕጡቕ ጉጅለ 'ኤም-23'ን ደገፍቱን ኣኼባ ኣብ ዘካይዱሉ ዝነበሩ እዋን ብዝተፈጸመ ተኸታታሊ ናይ ቦምባ መጥቃዕቲታት፡ ብውሑዱ 11 ሰባት ከምዝሞቱን ካልኦት ልዕሊ. 65 ድማ ብኸቢድ ከምዝቖሰሉን ይሕበር ኣሎ፡፡

ሓያለ ካብ'ቶም ኣብ ሕክምና ተዓቚቦም ዝርከቡ ቁሱላት ኣብ ሕማቕ ኩነታት ብምህላዎም፡ ቁጽሪ ምውታት ክዛይድ ተሰጊኡ ከምዝሎ'ዩም ሰብ-መዚ. ጥዕና ናይ'ታ ሃገር ዝሕብሩ ዘለዉ፡፡

እቲ መጥቃዕቲ ብኣባላት ሓይልታት መንግስቲ ዲ.ሪ.ኮንጎ ከምእተፈጸመ ዝኸሰሰ 'ኤም-23'፡ ክልተ ካብ'ቶም ፈጸምቱ ብኸቢድ ከምዝቖሰሉን ክልተ ጥርጡራት ድማ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከምዝኣተዉን ጠቒሱ፡፡



ኣብቲ ኣኼባ ኣብ ልዕሊ. ዝተሳተፉ ላዕለዎት ኣዘዝቲ እቲ ዕጡቕ ጉጅለ ዝወረደ ጉድኣት ከምዘየለ'ውን እቲ ዕጡቕ ጉጅለ ወሲኹ ኣፍሊጡ፡፡

ብተወሳኺ ዓሌት 'ቱትሲ' ዝምራሕ ዕጡቕ ጉጅለ ኤም-23፡ ኣብ መጀመርያ ናይታ ዝሓለፈት ወርሒ፡ ነተን ክልተ ብማዕድናት ዝሃብተማ ዓበይቲ ከተማታት ጎማን ቡካቩን ከምእተቖጻጸረን ዝዝከር እዩ፡፡

ብመሰረት ጸብጻባት ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ካብ ዝሓለፈ ወርሒ. ጥሪ ኣትሒዙ ብሰንኪ'ቲ ኣብ መንጎ እቲ ዕጡቕ ጉጅለን ሓይልታት መንግስትን ዝካየድ ዘሎ ግጭት፡ ኣብታ ሃገር ዛጊት ልዕሊ. 400 ሽሕ ሰላማውያን ሰባት ቤቶም ራሕሪሖም ክሃድሙ ተገዲዶም ኣለዉ፡፡


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ. ሪቸም | 1/3/2025 | ጎደና ተጋደልቲ ቁ.20፡ ፋብሪካ መስማር (ጎዳይፍ) | 181048 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ    ቁ.ቴሌፎን 127565